# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.174 | ሰንበት 22 መጋቢት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 4 — ማይንጸታዊ ማዕርነትን...



ገጽ 5 — ናቕፋ ኣብ 49 ዓመት ልደታ



ገጽ 7 — ምልክታ

ገጽ 11 — ብሰንኪ ሕጽረት ግንዘብ፡ ካብ ኣፍረይነት...




## ዞባ ማእከል - ዓለማዊ መዓልቲ “ዳውንሲንድሮም” ተዘኪሩ

ዓለማዊ መዓልቲ ዳውንሲንድሮም፡ “ኣንጻር ጽምዋ ብሓደ ንኹን!” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ትማሊ 21 መጋቢት ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኣቶ ሄኖክ ጉብረእግዚኣብሄር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ራእይን ዕላማን ማሕበር ንምስማር፡ ምስ ኩሎም ኣካላት መንግስትን መሻርኽቲ ማሕበራትን ብምትሕብባር፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝሓብሩ ዜጋታት መሰላቶም ክኽበርን መተሓባበርኦምን መተሓባበሮ ስድራቤቶምን ክመሓየሽን ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ማሕበር



ሰኣላ ሳሙኤል ንጉሰ

ሓላፊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ መማህር ሃይለ የውሃንስ ብወገኑ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት፡ ጸር ስድራቤቶም ጥራይ ከይኮኑ ስለዘይምዃኑ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ክብ ምባል መሰረታዊ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ዳውንሲንድሮም፡ ኣብ መስርሕ ምምቕቓል ድቂ ወዲ-ሰብ ዝኸሰት፡ ዛጊት ጠንቁ ብንጹር ዘይተገልጸ ዘይንቡር ኩነት ከምዝኾነ፡ ኣብ ዓለም ድማ ልዕሊ 54 ሚልዮን ግዳያት ከምዘለዉ ጸብጻባት ጥዕና ይሕብሩ።

ዓለማዊ መዓልቲ ዳውንሲንድሮም፡ ብዓለም ደረጃ ንመበል 15፣ ኣብ ሃገርና ድማ ን7ይ ግዜ ትዝከር ኣላ።

## ከርከበት - ኣብ ምግታእ ጎዳእቲ ልምድታት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡስ ዞባታት ከርከበት፡ ሃይኮታን መንሱራን፡ ብምውህሃድ ኣብያተ-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ጥዕናን ዝተወደበ፡ ኣብ ምግታእ ጎዳእቲ ልምዲታት ዘተኮረ ኣስተምህሮ፡ ንመራሕቲ ሃይማኖት ተዋሂቡ።

ጎዳእቲ ልምዲታት ብሓፈሻ ክሽሮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ድማ ብፍላይ ንምግታእ ዝካየድ ጻዕሪ እወታዊ ለውጢ የመዝግብ ከምዘሎ ዝሓብሩ ሰብ-ሞያ ጥዕና፡ ተራ ጸለውቲ ሰባት፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን መራሕቲ ሃይማኖትን ክዓዝዝ ኣተሓሳሰብዎም።

ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብወገኖም፡ ጎዳእቲ ልምድታት ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ክግታእ ከምዘይክእል ብምጥቃስ፡ ንኩነታት መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሽሮን ብዝበንኡ ዞባኦም ዝምልከት መግለጺ ሂቦም።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ መንግስ ጉብረኪዳን ድማ፡ ናብ ስንኩላን፡ ኣረጋውያንን ጸገማትን ዝቐንዩ ከም ዝሰርሑ መደብ ተሃዲሶን ልምዓትን፡ ክሱብ ምምሕዳራት ከበቢን ዓድታትን ወረዳ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ብምሕባር፡ እቲ ሜላ - ውሑስ ናብዮት ንምትእትታው ዝዓለመ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ብሰብ ሞያ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ማእዝንን ዘተሕዝ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እወታዊ ጽልዋ ንምፍጣር ከይተሓለሉ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ግዝያዊ ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ተስፋጉብርኤል ጉብረስላሴን ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ንኡስ ዞባታትን ብወገኖም፡ ሃገሩ ልምድታት ንምግታእ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ምምሕዳራት ምስ ሃገራውያን ማሕበራት ብምትሕብባር ጻዕርታተን ከሐይላ ተላቢዮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ከርከበት፡ ሃይኮታን መንሱራን ንኣባላት ኮሚተታት ኮም ዝሰርሑ ተሃድሶን ልምዓትን፡ ኣብ ምእላይን ምሕብባርን ስንኩላን፡ ኣረጋውያንን ካልኦት ጸገማት ወገናትን ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

## ደቡብ - ኣብ ሓያሎ ንኡሳን ዞባታት ባህላውን ስፖርታውን ቅነ ተመሃሮ ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡስ ዞባታት ደቀምሓረ፡ ዓረዛ፡ እምኒ-ሓይሊን ዓዲ-ኳላን፡ “ብኣካልን ኣእምሮን ዝተሃንጸ ተመሃራይ ሃገር የውሕስ” ብዝብል ቴማ ዝተወደበ ቅነ ተመሃሮ፡ ብ14ን 15ን መጋቢት ተኻዪዱ።

እዚ ካብ መጀመርታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝመሃሩ ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ ቅነ፡ ውድድራት ስፖርት፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ክትዕ፡ ምህዞን ስነጥበባዊ ውድድራት ዝጠቓለለ ነይሩ።

ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ተን ንኡስ ዞባታት ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ቅነ፡ ተመሃሮ ክንዮ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ተወህቦኦምን ዝምባለኦምን ንኸለልዩን ንኸማዕብሉን፡ ከምኡ'ውን ሓድሕድ ተመኩሮ ንኽለዋወጡ ባይታ ምፍጣር ከምዝኾነ ገሊጾም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ሀብትዝጊ ኪዳነ ብወገኑ፡ እዚ ብደረጃ ክፍልን ኣብያተ-ትምህርትን ልዑል ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ዘንጸባረቐ መደብ፡ ተመሃሮ ባህሎምን ክብርታት ሕብረተሰቦም ንኽፈልጡ ኣብ ርእሲ ምሕጋዙ፡ ስነጥበባውን ኣካላውን ብቕዓቶም ንኽዕብዩ ደርኺ ከምዝፈጥር ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዕወታት ኣብያተ-ትምህርቲ ተሸሊመን።



ስእሊ- ሲራክ ተስፋሚካኤል

## ዒላበርዕድ - መጸበዩ ነፍሰ-ጾራት ኣብ ጥዕና ኣደታት ኣበርክቶ ይገብር

መጸበዩ ነፍሰጾራት ኣብ ምብራኽ መጠን ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓርሳ ኣደታት ዝምስገን ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ፡ ሓላፊት ኮማዊ ሆስፒታል ዒላበርዕድ ነርስ ብስራት ተኽለይ ገሊጻ።

ደረጃ ንቕሓት ኣደታት ይዕበኽ ብምህላው፡ ሕርሲ ኣብ ገዛ እናተረፈ ከምዝመጸ፣ በዚ ድማ ቁጽሪ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሓርሳ ኣደታት ይወሰኽ ምህላዉ ሓቢራ።

ብፍላይ ኣብ ምሕዱግ ከባቢታት ዝነብራ ኣደታት፡ ብኮም ኣብ ዝተሰርሐ መጸበዩ ነፍሰጾራት ተዓቒበን ጥዕናዊ ኩነታተን እናተኸታተላ ከምዝሓርሳ ብምሕባር፡ መደባት ክታብትን ኣገልግሎት ድሕሪ ሕርሲን እውን ዝምስገን ምዃኑ ኣረዲኣ።

ምምዳብ ሓፈሻዊ ሓኪምን ዘመናዊ መሳርሒታትን ንዝለዓለ ሕክምና ናብ ሆስፒታል ከረን ንዝኸዱ ዝነበሩ ተገልገልቲ ካብ ኮሎልን ሃልኪ ገንዘብን ብምድሓኑ ዝተማልአ ኣገልግሎት ንክረኽቡ ምቹእ ባይታ ከምዝፈጠረ፡ ነርስ ብስራት ብዝተወሳኺ ኣረጋጊጻ።

ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ዒላበርዕድ፡ ኣገልግሎታት ላቦራቶሪ፡ ፋርማሲ፡ ሕርሲ፡ ሕክምና ዓይኒ፡ ክትትል ቅድመን ድሕሪን ሕርሲ፡ ኣገልግሎት ክታበት፡ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ወለንታዊ ምኽርን መጽናዕትን ከምዝወሃብ ብምጥቃስ፡ ደረጃ ላቦራቶሪን ሕክምና ዓይንን ክብ ክብልን ማእከል ፊዝዮቴራፒ ክኽፈትን ተላብያ።

# ዜና

## ከረን - ኣብ ድሕነት ኣደን ዕሸልን ገስጋስ ይምዝገብ



ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ትካላት ጥዕና ብዘየገበር ዘሎ ቀጻሊ ጎስጓሳት፣ ንቕሓት ሕብረተሰብ እናዓበየ ብምምጽኡ፣ ኣብ ድሕነት ኣደን ዕሸልን ጽቡቕ ገስጋስ ይምዝገብ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሓላፊት ትካላት ጥዕና ከረን ሲስተር ኣልማዝ ሙብራህቱ፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ ክትትል ቅድሚ ሕርሲ ናብ 90 ሚእታዊት፣ ክታበት ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህጻናት ድማ ናብ ልዕሊ 95 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ሓቢራ።

ኣደታት ኣብ ርእሲ’ቲ ዘወሃበን ሞያዊ ምኽሪን ዝገበረለን ሰሩዕ ምክትታልን፣ መርመራታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ፣ ፍንጣጣን ነድሪ ጸላም ኩብድን ከምዝግበረ፣ ከምኡ’ውን ካብ 9 ክሳብ 15 ዓመት ንዝርከባ ኣዋልድ ክታበት መንሸሮ ክሳድ ማህጸን፣ ካብ 15 ክሳብ 45 ዓመት ንዝዕድመአን ድማ ክታበት ቴታኖስ ከምዝወሃብ ገሊጻ።

ሲስተር ኣልማዝ ኣሰዒባ፣ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምቁጽጻር፣ ንኹሉ ልዕሊ 40 ዝዕድመኡ ዜጋ ብሰኣ መርመራታት ጸቕጢ ደምን ሽኮርያን ከምዝግበር ብምሕባር፣ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዑደት ብምውዳብ’ውን ኩነታት ጥዕና ተመሃሮ ንምፍላጥ ጻዕሪ ከምዝካየድ ሓቢራ።

ኣብ ከተማ ከረን ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝህባ 5 መደብራት ጥዕና ኣለዋ።

## ባጽዕ - ንኣባላት ሃማደኤ ስልጠና ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ምስ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምውህሃድ፣ ካብ 16 ክሳብ 18 መጋቢት ን350 ኣባላቱ ስልጠና ወሂቡ።

እቲ ስልጠና፣ ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ብሓፈሻ ጸረ-ታህዋስያን ድማ ብፍላይ፣ ከምኡ’ውን ኣገባብት ምክልኻልን ፍወሳን ሕማማት ነድሪ ጸላም-ኩብዲ፣ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስን ሕማም ዓሶን ዘተኰረ’ዩ ነይሩ።

ደቂኣንስትዮ ኣብ ምጽላው ሕብረተሰብ ዘለወን ወሳኒ ተራ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ንቕሓተን ኣብ መዳይ ጥዕና ምብራኽ፣ ኣብ ምክልኻልን ፍወሳን ዝተፈላለዩ ሕማማት ኣገዳሲ ስለዝኾነ እቲ ስልጠና ከምዝተወደበ፣ ካብ ጨንፈር ጥዕና’ቲ ዞባ ወ/ሮ ዓማራ መሓመድ-ዓሊ ገሊጻ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ወ/ሮ ለምለም ሃብተኣብ ብወገና፣ ሰልጠንቲ ቀሲመንአ ዝለዋ ፍልጠት ኣብ ትሕቲኣን ተጠርኒፈን ንዘለዋ ኣስተምህረሉ ብምዝኽኻር፣ ኣብ ምሕያል ውዳበታተንን ምዕቃብ ክብርታት ሕብረተሰበን ዓቲበን ክሰርሓ ተላብያ።

ኣብ መወዳእታ ስልጠንቲ፣ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ክውደብ፣ ከምኡ’ውን እዋናዊ ሓበሬታ ጥዕና ንደቂኣንስትዮ ክወሃብ ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪበን።

## ሻምብቆ - ኣብ ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፣ ኣብ ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘተኩረ ኣስተምህሮ፣ ብ15 መጋቢት ንርእሱመምህራን ተዋሂቡ።

ኣብ’ቲ ኣስተምህሮ፣ ርእሱመምህራን ክኽተልዎ ዝግብኦ ንምሕደራ ኣብያተ-ትምህርትን ተመሃሮን ዝሐይሉ ኣገባብት፣ ከምኡ’ውን ድኻማት ተመሃሮ ኣለሊኻ ሓገዝ ንምግባር ዘኽእሉ ዛዕባታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዑስማን እድሪስ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፣ እቲ ንርእሱ-መምህራን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፣ ኣካል ናይ’ቲ ብቕዓት ትምህርትን ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርትን ንምምሕያሽ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ኮይኑ፣ ተራ መምህራን ኣብ ምርግጋጽ ብቑዕ ስርዓት ትምህርቲ ዕቢ ምዃኑ ገሊጹ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284

## ጾሮና - ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ተመሃሮ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና፣ “ነም ዝሰረቱ ውዳቦና መሰረት ኩልንትናዊ ብቕዓት መንእሰያትና” ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ቅነ ውዳበታት ተመሃሮን ምዕዳል ሽልማት ዓንደማትን ተኻዪዱ።

እቲ ብ16 መጋቢት ዝተዛዘመ ቅነ፣ ባህላዊ፣ ስፖርታውን ፈጠራውን ማሰናድኣታት ዘጠቓለለ ከምዝነበረ፣ ወከልቲ ኣሪና ሓቢሩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ኣብርሃም ተስፋማርያም ኣብ ዘሰመዖ ቃል፣ ተመሃሮ ዘቕረብዎ መደባት ንዓቕሞምን ተበላሓትነቶምን ዘንጸባርቕ ከምዝነበረ ብምግላጽ፣ ንዓወት ናይ’ቲ ቅነ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ኣመስጊኑ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ ድማ፣ ኣብ ምውርራስ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብና ጸላዊ ኣበርክቶ መንእሰያት ንኽዕዛዘዝ ብውህደት ምስራሕ ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጾሮና ኣቶ ሃይለ መንገሻ ብወገኑ፣ ተራን ኣበርክቶን መንእሰያት ኣብ ልምዓታዊ መደባት’ውን ወሳኒ ስለዝኾነ፣ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ’ቲ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝተወደበ ቅነ፣ ቤት-ትምህርቲ በርሀ ጻዕዳ ኀብለል ኮይና ተዓዊታ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፣ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ልዑል ነጥቢ ዝመዝገቡ ተመሃሮ፣ ሽልማት ዓንደማቶ ተዓዲሉ።

ብኻልእ ወገን፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና፣ ተመሃሮ ኣብ ሕጊ ዝጸንሖም ኣፍልጦ ክብ ብምባል ኣብ ምግታእ ገበናትን ሓደጋታትን እጃሞም ንኽዕብዩ ዝዓለመ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ ዓይነትን ኣተሓሕዛን ገበናት፣ ስነምግባርን ተራኡ ኣብ ምግታእ ገበንን፣ ከምኡ’ውን ደረጃታት በደላትን ገበናትን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ዘተኩረ ነይሩ።

ኣዚዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሰርጌንቲ ኣብርሃም ተኽስተ፣ ንሕግን ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበንን ዝምልከት መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፣ ተመሃሮ ክብርታት ሕብረተሰቦም ወሪሶም፣ ገበንን ገበኛታትን ንምቕላስ ምትሕብባሮም ምስ ፖሊስ ከዕዝዙ ተላብዩ።

ሓላፊ ምክልኻል ገበን ሙሳ ዓሊ ኑር ብወገኑ፣ ኣብ ገበንን ሳዕቤናቱን ዘተኰረ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፣ ገበን ብሕጊ፣ ባህልን እምነትን ጸዩፍ ምዃኑ ብምጥቃስ፣ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘየድሕን፣ ተመሃሮ ብዋዕእ ክፈልጥዎን ከተግብርዎን ኣዘኻኺሩ።

## ሰረጀቓ - ብሉጻት ተመሃሮን ኣብነታውያን መምህራንን ተሸሊሞም

ኣብ እምባደርሆ - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ርእሰ-ዓዲ፣ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍልን ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍልን ብሉጽ ነጥቢ ዝመዝገቡ 60 ተመሃሮን 8 ኣብነታውያን መምህራንን ሸሊማ።

ብ21 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፣ ካብ ተሸለምቲ 49 ተመሃሮ ኣብ’ቲ 36ን 37ን ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ 11 ድማ ኣብ ሃገራዊ ፈተና 8ይ ክፍሊ ልዕሊ 90 ነጥቢ ዘመዝገቡ ክኾኑ ከለው፣ 8 ኣብነታውያን መምህራን’ውን ተተባቢያም።

ርእሱመምህር ናይ’ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር የማነ ዓንደወርቂ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፣ ብቑዕ ቴክኖሎጂ ዝቐሰመን ብዲሲፕሊን ዝተመልመለን መንእሰይ፣ መሰረት ብሩህ መጻኢ ሃገር ስለዝኾነ፣ ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ጻዕርታት ኣካላት መንግስቲ፣ ወለድን ካልኦት ኣካላትን ከየዘዘ ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሪሕ ከሮስ ብወገኑ፣ ዕላማ ምሽላም ንዕወታት ንዝበለጸ ወጽኢት ድርኺት ንምፍጣር፣ ኣብ’ቶም ዝሰዓቡ ድማ ቅዳሳ ቅንኢ ንምሕዳር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፣ ቤት-ትምህርቲ ርእሰ-ዓዲ ኣመዝጊቦቶ ዘላ ዓወት ንካልኦት ኣብነት ከምዝኾነውን ጽንዕ እምነቱ ገሊጹ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር የውሃንስ ሰለሙን ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን መምህር መስፍን ወልደስላሴን ድማ፣ ተራ ወለዲ ኣብ ምምእዛን ደቆም መሰረታዊ ስለዝኾነ፣ ብዝለዓለ ክሰርሓሉ ተማሕጺኖም።

ኣብ መወዳእታ፣ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ገብረመስቀል፣ ተሸለምቲ በዚ ከይተሓጽሩ፣ ናብ’ቲ ዝዓለዩዎ ደረጃ ንኽበጽሑ ጻዕሮም ክሐይሉ ተማሕጺኑ።

ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ርእሰ-ዓዲ (እምባደርሆ)፣ ንዓድታት እምባደርሆ፣ በለዛ፣ ዓመጺ፣ ኳዜን፣ ገርሚ፣ ምድሪዜን፣ ደምቡዛውል፣ ዓደንጉዳን ዓደረቢትን ኣገልግሎት ትህብ።



# መዘናግዒ

ማርታ ክብሮም

## ካብ መዝገብ ክብረ ወሰን

• ዩክሬናዊት ኣልያ ናስዩሮቫ ካብ ዓለም ምሉእ ዝነውሐ ጸጉሪ ብምውናና እያ ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ጊነስ ናይ ዓለም ክትሰፍር በቒዓ። ሎሚ ቁመት



ጸጉሪ ኣልያ 257.33 ሰንቲ ሜትር በጺሑ ይርከብ። ቁመት ጸጉራ ድማ ንቑመት ዝነውሐ ናይ ዓለምና ሰብ በሊጽዎ ከም ዝነበረ ተገሊጹ። ጸጉራ ቀሪጻቶ ከም ዘይትፈልጥ ትገልጽ ኣልያ፡ ቁመት ጸጉራ ሰብት ብፍላይ ድማ ደቂ ተባዕትዮ፡ ንጸባቐን ተፈጥራውነትን ደቂ ኣንስትዮ ከስተማቕሩ ከም ዘኽእሎም ገሊጹ።

• ጀረሚ ስዋን ወናኒ ብርኽበን ኣርት ታቱ ዝበሃል እንዳ መወቀጢ ትካል እዩ። ንሱ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት፡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ዝበዝሐ ንሱብ ዝወቀጠ ንዝብል ሪከርድ ንምስባር ቀለሙን መሳርሒታቱን ብምድላው እዩ ስርሑ ጀሚሩ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ጊነስ ሰፊሩ ዝነበረ ዝበዝሐ ቁጽሪ ውቃጦ 801 እዩ ነይሩ፣ ሎሚ ግና ስዋን ናብ 875 ክብ ብምባል እዩ ነቲ ተታሒዙ ዝነበረ



ክሰብሮ ክኢሉ። ንሱ ነዚ ክብሪ ክበጽሖ ዝኸኣለ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ኮይኑ፡ ብዝምጋም ንሓንቲ ውቃጦ ሓደ ደቒቕን ፈረቓን ይወስደሉ ነይሩ ማለት እዩ። ንሱ ነቲ ማስርሕ ዘድልዮ እኹል ቀለም ብምድላው፡ ኣብ ሰዓታት ቀትሪን ለይትን ክወቀጡ ዝደልዩ ሰብት'ውን ብምድላው እዩ ስርሑ ጀሚሩ። ስዋን ከምኡ ክዝበር ዝወሰኖ ምኽንያት ክገልጽ ከሎ፡ ኣብቲ ትካል ማሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ምኻኑ ኣረዲኡ። ስዋን ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ጊነስ ድሕሪ ምስፋሩ፡ ቁጽሪ ናብ ትካሉ ዝመጽኡ ዓማዊል ብዘዓጻጸፈ ከም ዝወሰኸ ገሊጹ።

• ኣብ ፊሊፒንስ - ከተማ ኔግሮስ፡ ብቐርጺ ደርሆ ዝተሰርሐ ሆቴል ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ጊነስ ክሰፍር ክኢሉ ይርከብ። እቲ ማናክ ካኖ ግዋፖ ዝተባህለ ሆቴል፡ 'ብቐርጺ ደርሆ ዝተሰርሐ ዝዓበየ ህንጻ' ብዝብል ስም እዩ ኣብ ጊነስ ሰፊሩ። እዚ ንኽትርእዮ ሱሓቢ መልክዕ ዘለዎ ህንጻ፡ ንኽዝዝም 456 መዓልታት ወሲዱሉ፡ ኣብ ውሽጡ 15 ምዕቡል መደቀሲ ክፍልታት ዘለዎ ኮይኑ፡ ቁመቱ 28 ሜትሮ፡ ጎድኑ ድማ 12 ሜትሮ ይበጽሕ።

## ከምዚ'ውን ኣሎ

• ስጳኛዊ ደጋፊ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ባርሰሎና፡ ኣብ ናይ ሻምፕዮን ጸወታ



ናይታ ጋንታ ንኽስተፍ ልዑል ባህጊ እዩ ነይሩዎ። እንተ ኾነ ብጌጋ ናብ ካልእ ስታድዩም ኣስታት 590 ኪሎ ሜትር እዩ ተጓዒዙ። እቲ ካብ ሎንዶን ዝተበገሰ ደጋፊ፡ ናብ ከተማ ኒውካስትል ክጉዓዝ ዝዀበኦ እዩ ብጌጋ ናብ ካልእ ኤክስተር ዝተባህለት ከተማ ተጓዒዙ። ድሕሪዚ ናብቲ ስታድዩም ክኣቱ ምስ ፈተነ እዩ ጌጋ ከም ዝፈጸመ ዝተረድኦ። ኣብቲ ስታድዩም፡ ኣንጻር ሊንኮን ዝተባህለት ጋንታ ትገጥም ዝነበረት ጋንታ ኤክስተር ግና ናብቲ ስታድዩም ብናጻ ክኣቱ እያ ኣፍቂዳትሉ። እታ ብጌጋ ክርእያ ናብ ስታድዩማ ዝኣተወ ጋንታ ኤክስተር ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ሓደ ብቦዶ ክትዕወት ከላ፡ እታ ዝደግፋ ጋንታ ባርሴሎና ከኣ ምስ ኒውካስትል ዩናይትድ ብማዕረ ሓደ ብሓደ እያ ተፈላልያ። እቲ ደጋፊ፡ ሕጽረት ቋንቋ እንግሊዝ ስለዝነበሮ ንዝርዝራዊ ሓበሬታ ናይቲ ትኬት ብዝዋጾኡ ክርድኦ ብዘይምኽኣሉ ብጌጋ ክንድኡ ኪሎ ሜትራት ክጓዓዝ ከም ዝኸኣለ ኣረዲኡ።

• ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኦሎምፒክ ሚላን ኮርቲና፡ ውድድር ጉያ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝቐደሉ ዝነበረ ግዜ፡ ሓደ ከልቢ ምስተን ተወዳደርቲ ካብ መጀመሪ ሕንጻጽ ብምጅማር ምስኣን ድማ ውድድሩ ክውድእ ከም ዝተራእየ ተገሊጹ። ሓለፍቲ ናይቲ ውድድር ኣብ መወዳእታ ከም ዝገለጽዎ፡ እቲ ከልቢ ካብ ዋናኡ መሊቑ እዩ ናብ ናይ መወዳደሪ ሕንጻጽ በጺሑ። ድሕሪዚ እቲ ከልቢ፡ ምስ ቀዳሞት ሰለስተ ኮይኑ ውድድሩ ዛዚሙ።

• ኣብ ዴንማርክ ዝርከብ ኣልቦርግ ዝተባህለ መዕቆቢ እንስሳ፡ ኣብቲ መዕቆቢ እንስሳ ዝርከቡ እንስሳ ዘጉዳም መግቢ ብምስኣናም ነብርቲ ናይቲ ከባቢ ኣብ ገዛኦም ዘለዉ እንስሳታት ከምጽኡሎም ዝኽእሉ እንተኾይኖም ድሕሪ ምሕታቱ፡ ካብ ብዙሕ ወገናት ኽቶፉን ዘለፋን ከወርዶ ቀንዩ። እቲ መዕቆቢ እንስሳ፡ "ዝኾነ ምኽንያት ዘለዎ እንስሳታት ዝኾኑን መግቢ የድልዮና ስለዘሎ፡ ኣብ ገዛኹም ዘለዉ ዘየድልዩ እንስሳ ዘበት ክተምጽእዎም ትኽእሉ ኢኹም። ደርሆ፡ ኣናጹን ሓሰማን ኣገደስቲ መግቢ ናይዞም እንስሳታት እዮም። ብኸምዚ ድማ ኣመጋግባን ጥዕናን እንስሳታትና ክንሕሉ ንኽእል። ኣፍራስ'ውን ክቕበል ይኽእል እዩ" ክብል እዩ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታቱ ጠቒሱ። ደማሙን ኣኽሎብትን ግና ኣብቲ መደብት እቲዋት ከም ዘይኮይኑ'ውን ገሊጹ። ድሕሪዚ ግና ኣብ ገጻት ፈስቡክ ኣብ መንገ ኣባላት ናይቲ መዕቆቢ እንስሳታትን ነቲ ጽሑፍ ዘንበቡ ሰባትን ናይ ቃላት ኩናት ከም ዝተወልዐ እዩ ተገሊጹ። ሓደ ሰብ "እዚ ዋዛ እዩ፡ ብኮልኦት እንስሳታት ንኽብላዕ ኢሉ ናይ ገዛኡ እንስሳ ናብዚ ዘምጽእ ሰብ የለን" ክብል መሊሱ።

ኣብ መወዳእታ ፒያ ኔልሰን - ምክትል ዳይረክተር ናይቲ መዕቆቢ እንስሳ፡ "ኣብዚ በላዕቲ ስጋ ዝኾኑ እንስሳታት ክሳብ ዘለዉ፡ ስጋ ከቕርበሎም ግድነት እዩ። ስለዚ ከምኡ ኢልና ምሕታትና ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። እዚ ድማ ኣብ ዴንማርክ ልሙድ ተግባር እዩ፡ ብዙሓት ዓማዊልና'ውን ነዚ ዕድል ብምህብና የመስግኑና እዮም" ክብል ኣረዲኡ።

## እቲ ዝዓበየ ሃብቲ

ሓደ እዋን ሓደ ኣዝዩ ድኻ መንእሰይ፡ ኩሉ ግዜ ብዘለዎ ትሕዝቶ ይሓዝንን ይገህን ነበረ። "ኣነ ድኻ እየ፡ ዋላ ሓንቲ የብለይን" እናበለ ምስቁርቋር ድማ መዓልታዊ ህይወቱ ነበረ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ግና ሓደ ብልሂ ሽማግለ ረኺቦ እሞ ስለምንታይ ይሓዝን ከም ዝነበረ ሓተቶ።

እቲ መንእሰይ፡ "ከመይ ዘይሓዝን፡ ኩሉ ሰብ ሃብቲ ኣለዎ፡ ኣነ ግን ዝኾነ የብለይን። ብዙሕ ገንዘብ፡ ኣይኮነን ክሕዝ




ርእየ'ውን ኣይፈልጥን" ኢሉ መለሰሉ።

እቲ ሽማግለ ሰብኣይ ፍሽኽ ብምባል፡ "ገንዘብ እንተ ደሊኻ ክትረኽቦ ትኽእል መንገዲ ቀሊል እዩ። ስለዚ ክልተ ኣዒንትኻ ብሓደ ሚልዮን ክትሸጠለይ ትኽእል ዶ?" በሎ። እቲ መንእሰይ ብሰንባዱ፡ "ኣይፋለይን ከመይ ገይረ ብዘይ ዓይኒ ክነብር" ኢሉ መለሰሉ።

እቲ ሽማግለ ቀጺሉ፡ "ክልተ ኣእዳውካኸ ብሓሙሽተ ሚልዮን ክትሸጠለይ ትኽእልዶ?" በሎ። እቲ መንእሰይ "ሕጂ'ውን ፈጺመ ኣይህብን" ኢሉ መለሰ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ሽማግለ ከምዚ በሎ፡ "እሸኻ ክሳብ ሕጂ ክንደይ ዝኣክል ክቡር ሃብቲ ከም ዘለካ ኣይተረዳእካን። ጥዕና ዘለዎ ኣካልን ብሩህ ኣእምሮን ካብ ዝኾነ ገንዘብ ንላዕሊ ዝምረጽ ክቡር ሃብቲ እዩ። ነዚ ሃብቲ ተጠቒምካ ክትሰርሕ እንተ ደኣ ጀሚርካ ዘይትበጽሖ ዓወት የለን" ብምባል ንህይወቱ ምሉእ ዝኸውን ዓቢ ትምህርቲ ኣቕሰሞ።

## በናዚር ቡቶ

ፓኪስታናዊት በናዚር ቡቶ፡ ቀዳመይቲ ጓለንስተይቲ መራሒት ኣብ ሃገራት እስልምና ምዃና'ያ ትግለጽ። ንሳ፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ፓኪስታን ብምዃን፡ ካብ 1988-1990፡ ከምኡ'ውን ካብ 1993-1996 ዘገልገለት'ያ።

ኣቦኣ ዙልፊቃር ዓሊ ቡቶ ቀዳማይ





ሚኒስተር ፓኪስታን'ዩ ነይሩ። ቋንቋታት እንግሊዝን ኡርዱን (ምስ ቋንቋ ህንዲ ዝዛመድ'ዩ) ብዝዋጾኡ ትመልኽ ዝነበረት በናዚር፡ ሕጊ ከተጽንዕ ናብ ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ - ዓዲ እንግሊዝ እያ ኣምሪሓ። ኣብኡ ድማ ፕረዚደንት ማሕበር ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ኮይና ተመሪጻ።

ስድራ በናዚር ነቲ ብጀነራል ዚያ ኣል ሓቅ ዝምራሕ ዝነበረ ምልካዊ ወተሃደራዊ ስርዓት ፓኪስታን ይቃወምዎ ብምንባሮም፡ ምስ ስድራኣ ንሰለስተ ዓመት ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር ክትእሰር ተገዲዳ እያ። ድሕሪ ማእሰርቲ፡ ኣብ'ታ ሃገር ፍትሒ ንኽህሉ ዲሞክራሲያዊ ጎስጓስ ጀሚራ። ንሳ ብሰንኪ'ቲ ወተሃደራዊ ስርዓት፡ ሰብኣዊ መሰል ህዝቢ ፓኪስታን ይግሃስ ከም ዝነበረ፡ ኣብ ባይቶ ኤውሮጳ ቀሪባ መደረኣ ኣስሚዓ። ድሕሪ ሞት ጀነራል ዚያ ኣል ሓቅ ግን፡ ፓኪስታን ናብ ዝሓሸ ዲሞክራሲያዊ ምርጫ'ያ ሰጊራ። በናዚር ቡቶ ድማ ዝበዝሐ መናብር ብምርካብ፡ ኣብ ሰላሳን ሓሙሽተን ዓመታ፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ፓኪስታን ክትከውን በቒዓ። በናዚር ናብ ስልጣን ኣብ ዝመጸትሉ ኣብ ዘስዐቦ መግለጺ፡ "ንሕና ሓደ ህዝቢ ኢና፡ ናጽነትን ዲሞክራሲን ከኣ ብዕቡል ድማ ተኣኪብና ኣለና" ኢላ።

ንሳ ኣብ'ቲ ንክልተ ዓመት ዝመርሓትሉ እዋን፡ ብጥርጣረ ብልሽውና ስለዝተኸሰት ብትእዛዝ ናይ ሽዑ ፕረሲደንት ፓኪስታን ነበር ጉላም ኢሳቕ፡ ንዕስራ ኣዋርሕ ካብ ስልጣን ከም ትእለ ተገይሩ። እንተኾነ፡ ዳግማይ ናብ ስልጣን ክትመጽእ ክኢላ'ያ።

እዛ "ሓዲን ጓለንስተይቲ" ብዝብል ቅጽል ትፍለጥ ዝነበረት በናዚር፡ ኣብ'ቲ ንኽልተ መድረኻት ኣብ ስልጣን ዝጸንሓትሉ እዋን ኣብ ህዝቢ ጽቡቕ ተቐባልነት ከም ዝነበራ'ዩ ዝንገር። በናዚር፡ ኣብ 1997 ንሳልሳይ ግዜኣ ኣብ ምርጫ'ኳ እንተ ተሳተፈት ኣይተዓወተትን። ብድሕሪዚ ናብ ሃገረ ዱባይ ተሰዲዳ። ኣብ 2007 ናብ ሃገራ ተመሊሳ ንምርጫ ክተወዳደር ጎስጓስ ኣብ እተካይደሉ ዝነበረት እዋን ከኣ ተቐቲላ።

ድሕሪ ሞታ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ በናዚር ቡቶ ሓንቲ ካብቶም ኣብ ዓውዲ መሰል ደቂሰብ ኣበርክቶ ዝገበሩ ሸውዓተ ዕውታት ሰብት ከምዝኾኑት ገሊጹ።


ኣከባቢ




# ማይን ጾታዊ ማዕርነትን - ኣቕርቦት ማይ ማዕርነት የዕቢ

ቴድሮስ ተስፉጋብር ክፍሊ ሃብቲ ማይ - ሚ/መ/ማ/ኣከባብን

ዓለማዊ መዓልቲ ማይ ካብ 1993 ዓ/ም ጀሚሩ ዓመታዊ ኣብ 22 መጋቢት ብዝተፈላለዩ ንቕሓትን ኣተኩሮን ህዝቢ ዓለም ኣብ ርትዓውን ፍትሓውን ምቕርሒ፡ ልምዓትን ኣጠቓቕማን፡ ምዕቃብን ምክልኻልን ብኸላ ጽሩይ ማይ ኣብ ምዕባይ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት (ቴማታት) ብምልዓል ተዘኪሩ ይውዕል። ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ንመበል 34 ግዜኡ "ማይን ጾታዊ ማዕርነትን - ኣቕርቦት ማይ ማዕርነት የዕቢ." ብዝብል ቴማ ክበዓል እዩ። ሕመረት ትሕዝቶ ናይዚ ቴማ፡ ኣብ መንጎ ማይን (ሸቶ ዘላቒ ምዕባለ ቁ.6) ጾታዊ ማዕርነትን (ሸቶ ዘላቒ ምዕባለ ቁ.5) ዘሎ ቀጥታዊ ዝምድናን ከምኡ'ውን፡ ውሑስ ቀረብ ዝስተ ማይን ጽሬትን ከም ሰብኣዊ መሰልን መሰረታዊ ረቛሕን ኣብ ምርግጋጽ ጾታዊ ማዕርነት ዘለዎ ወሳኒ ተራ ዘጉልሕ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ሰሩዕ ኣጠቓላሊ ጸብጻብ ልምዓት ማይ ው/ሕ/ሃገራት (UN World Water Development Report) ከምዝወጸኦን ከምኡ'ውን ኣብቲ ዝካየድ ዓለማዊ ጉባኤ፡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ተኻቲዮም፡ ኣብ ምውሓስ ኣሳታፍን ተጻዋርን ስርዓታት ማይ ዝሕግዝ ሽርክነትን ግብራዊ ስጉምታትን ከምዝስእሉ ክየበር ምኽኑ ይገልጽ። ቀንዲ ዕላማ ቴማን ጉባኤን ናይዚ ዓመት፡ -

- ምቕራብ ዓለማዊ ጸብጻብ ኣብ ማይን ጾታዊ ማዕርነትን ከምኡ'ውን ቀንዲ ርኽቦታትን ለበዋታት ፖሊሲን፡
- ምሕያል መሪሕነትን ድምጽን ጓልኣንስተይቲ ኣብ ምሕደራ፡ ኣገልግሎታትን ውሳነ ጸጋታት ማይ፡
- ምስራዕ ጾታዊ ማዕርነት ከም ዓንዲ ማእከል ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት ማይ፡ ተጻዋርነት ንኽሊማን ዘላቒ ምዕባለን፡ ከምኡ'ውን
- ምትብባዕ ስትራተጂካዊ ዘተን ሽርክነትን ንምቅልጣፍ ገስጋስ ትግባረ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ 6ን 5ን ብደረጃ ዓለም፡ ዞባን ሃገርን እዮም።

ዋላ'ኳ ብደረጃ ዓለም ኣብ ቀረብ ውሑስ ዝስተ ማይን ጽሬትን ደሓን ዝኾነ ገስጋስ እንተተመዝገበ፡ ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራትን ውድብ ጥዕና ዓለምን ከም ዘጽርዎ ዛጊት 2.1 ቢልዮን ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ቀረብ ውሑስ ማይ ኣብ ከባቢ መረበቱ ክረኽብ ኣይከኣለን ዘሎ። ርብዒ ካብ ቁጽሪ ደቂ ኣንስትዮ ዓለምና (ከባቢ 1 ቢልዮን) ውሑስን ምሕዱርን ቀረብ ዝስተ ማይ የብለንን። ብዘይካ'ዚ ኣብተን ክልተ ሰሶ ካብ ብዝሒ ስድራቤታት ዓለምና፡ ደቂ ኣንስትዮ ሓላፍነት ምቕራብ ማይ ይስከማ።

እዚ ደቀኣንስትዮ ንከቢድ ሓላፍነትን ጾርን ማይ፡ ጽሬትን ንጽህናን ክሰብ ክንደይ ተቓሊዐን ከምዝለዋ ጭቡጥ መርኣያ እዩ። እቲ ዘገርም ከምዚ ዝኣመሰለ ከቢድ ጾር ተሰኪመን ክለሳ፡ ኣብ ምሕደራን መሪሕነትን ማይ፡ ጽሬትን ንጽህናን ዘለወን ውክልና ኣዝዩ ትሑት ምኻኑ እዩ። ዓለማዊ ቅልውላው ሕጽረት ማይ ንኹሉ ዝጸሉ እኳ እንተኾነ፡ ደቂኣንስትዮ ሕልፊ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ ይጽለዋ። ስለዝኾነ ድማ ቅልውላው ማይ ቅልውላው ደቂ ኣንስትዮ ተባሂሉ ይግለጽ እዩ።

ብሓፈሻ ደቂኣንስትዮ ሓላፍነት ምቕራብን ምሕደራን ማይ ከምኡ'ውን ምክንኻንን ምእላይን ብሰንኪ ዘይውሑስ ቀረብ ዝስተ ማይ ዝሓመሙ ኣባላት ስድራ ይስከማ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ንኽሰራ ግዜ፡ ሕማም፡ ንኣልእ ምብጻሕ ማሕበረቁጠባዊ ዕድላትን ዝተቓልዓ እኳ እንተኾና፡ ህልዊ ስርዓተ ምሕደራ ጸጋታት ማይ ብኣንጻሩ ምዕሩይ ውክልናን ንጡፍ ተሳትፎን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሳኔታት፡ መሪሕነት፡ ምሕደራን ምውላን ዝኸሲ እዩ። ስለዚ እዚ ዓለማዊ ብደሆ ወይ ጸገም ንምፍታሕ፡ ድምጽን ንኽሰምዕን ኣበርክቶ ትካላተን ኣፍልጦ ንኽረኽባን ወጽኢታዊ ዝኾነ መሰል ሰረት ዝሓዘ ሜላታት የድሊ። እዞም ሜላታት ርትዓዊ ውክልና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መሳልል መሪሕነት ወይ ሓላፍነት ካብ ምድላው ንድፊ ክሳብ ፖሊሲ፡ ከም ሞያውያን (መሃንድሳት፡ ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ሓረስቶት፡ ሰራሕተኛታት ጽሬትን)፡ መራሕቲ ኮምን ንለውጢ ኣብ ምቕላስ ዘኽእለን ክኾውን ይግባእ፡ ከምኡ'ውን ምስ ኩሉ ዝምልከቶም ኣካላት ብምውህሃድ ኣብ ምምጻእ ክሊማዊ ለውጢ፡ ማይ ዝጠንቆም ሓደጋታት፡ ምሕደራ ፋይናንሳዊ ሕጽረታት፡ ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ምሕደራ ጸጋታት ማይ ወዘተ ንምሕያል ተጻዋርነት ዝዀበኣን ተራ ክጻወታን መራሕቲ ኮም ንለውጢ ክኾናን ዘኽእል ባይታ ኣብ ምውሓስ ዘተኮሩ ክኾኑ ኣለዎም።

ኣብ'ዚ ስጡም ሽርክነት ክልቲኡ ጾታ ኣብ ምርግጋጽ ውሑስ ቀረብ ማይን መሳለጥያታት ጽሬትን ንጽህናን ንኹሉ፡ ከምኡ'ውን ንኣበርክቶ ደቂ ኣንስትዮ ዝድርቱ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባታትን ልምድታትን ንምእላዮም ኣብ ግምት ዘእቱ ክኾውን ኣለዎ። ትግባረ ናይዞም ሜላታት ድልየት ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ንኽየማላእ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሓይለን ጥዑይን ዝተማልኣን መተባብር ንኽህልወን ከምኡ'ውን ማይ ኣብ ምርግጋጽ ዘላቒ ሸቶ ምዕባለን ማዕርነት ጾታን ደራኺ ሓይሊ ንኽህልዎን መሰረታዊ እዩ።

እዚ ዝተገለጸ ደረጃ ኣቕርቦት ማይ፡ ጽሬትን ንጽህናን ንምውሓስ ጾታዊ ማዕርነት ክዉን ንኽኸውን፡ ኣብ ፖሊሲ፡ መደባት፡ ምዕባይ ህዝባዊ ንቕሓትን ምምልማል ብቑዓት መራሕቲ ደቂ ኣንስትዮን ግብራዊ ስጉምታት ምውሳድ የድሊ። ገለ ካብ'ቶም ኣብ ሃገራዊ ፖሊሲ ማይ ኣድህቦ ክወሃቦም ዘለዎም ጉዳያት፡ -

ሀ) ምምስራት ወሀድ ስርዓት ሓብሬታ ፍሉይ ጠለባት ደቂ ኣንስትዮ፡ ሸቶታት ንምሕያል ተሳትፎኦን ኣብ ኩሉ ኣካላት ምሕደራ ማይ፡ ፍሉይ ኣገዳሲ ምቕራሐ ፋይናንሳዊ ጸጋታት ንምማላእ ጠለባተን፡

ለ) ምትእስሳር ፖሊሲ ማይ ምስ ብቑዕን ኣድማዕን ኣገልግሎት ትምህርቲ፡ ጥዕናን ዕብየትን ደቂ ኣንስትዮ፡ ከምኡ'ውን

ሐ) ምውሓስ ጾታ ዘማእከለ ስርዓት ሓብሬታ ኣብ ውጥንን ክትትልን የጠቓልል።

መደባት ማይ፡ ጽሬትን ንጽህናን ከም ዝሰረቱ ኮይኑ ድልየት ወይ ጠለባት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ዝጥዓሉ ከቡበን ጉዳይ ተጻዋርነት ንክሊማዊ ለውጥን ብዝጦጉእ ዝምልሱ፡ ውክልና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ምሕደራ ዘሐይልን ከምኡ'ውን ክእለተን ብቕዓተንን ኣብ ምጉልባት ዝሕግዙ ስልጠናታት ዘማልኡ ክኾኑ ይግባእ።

ኣብ ምዕባይ ህዝባዊ ንቕሓት፡ ንጥፈታት ጎስጓስ ኣብ ጽልዋ ኣቕርቦት ማይ ኣብ ጉዳይ ትምህርቲ፡ ጥዕናን ሰራሕን ደቂ ኣንስትዮን ምልውዋጥ ተመክሮ ኣቤታውያን ወይ ዕዉታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፕሮጀክትታት ማይን ኣገዳሲ እዩ። ብዘይካ'ዚ እቲ ጎስጓስ ንምሕያል ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መሳልል ምሕደራ ማይን ከምኡ'ውን ኣድላይነት ስልጠና ኣብ ምምዕባል ዓቕምን ብቕዓትን ሞያውያን ደቂ ኣንስትዮን (መሃንድሳት፡ ምሕደራ ማይን ካልኦት ተክኒካዊ ክእለትን) ኣብ ምዕዋት ኩሎም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ተዛመድቲ ጉዳያት ዓቢ ተራ ኣለዎ። ብተወሳኺ ጠለብ ደቀኣንስትዮ ብዮዝእ ዝምልሱ ፕሮጀክትታት ማይ ቀዳምነት ክወሃቦምን ጾታ ዘማእከሉ ኣመልከትቲ ረቛሒታት ኣብ ምክትታልን ምግምጋምን ፕሮጀክትታት ብዮዝእ ተኻቲዮም ዘድሊ። ሓብሬታ ክእከቡም ዘኽእል ባይታ ንምፍጣር ኀስገስን ምምኽኻርን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት የድሊ። እዞም ኣመልከትቲ ረቛሒታት ኣብ ምግምጋም ገስጋስ መደባት ብመንጽር ምሕያል ደቂ ኣንስትዮን ምምላእ ጠለባተንን ወሳኒ ተራ ኣለዎም።

ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና ከም ኣካል ሕብረተሰብ ዓለም፡ ንዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ጭዓያት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣደራዓት ማሕበራዊ ኣናባብራ፡ ልምድታትን ግቡኣትን ከምኡ'ውን ሕጽረት ኣቕርቦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ማለት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ማይን ጽሬትን ወዘተ ኮይነን ጸኒሐን። ዝ ብምርዳእ ህግሓኤ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ድሒሩ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ፡ ደቂ ኣንስትዮ ብዮዝበሪ ማዕርነት ኣብ ኩሎም ዕድላት ንክረጋገጽ ብመትከል ሰሪሐሉን ይሰርሓሉ ኣሎን። ከም ግብራዊ መርኣያ ናይ'ዚ ድማ፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር፡ ፖሊሲታት፡ ሕጋጋትን መምርሒታትን፡ ውጥን ልምዓትን ጉዳይ ጾታዊ ማዕርነት ብዮዝእ ከምዝኣተወ ኣብ ምምዕርን ኣብ ምሕያል ደቂ ኣንስትዮ፡ ዝበርከ ውክልናኦንን ኣበርክቶኦንን ኣብ ኩሉ መዳይ ከምኡ'ውን ጠለባተንን ድምጸንን ንኽሰማዕ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ናይ ትግባረ መደባት ብምብጋስ ኣብ ምዕዋቱ ኩሉ መዳያዊ ጻዕሪ ኣካይዱን የካይድ ኣሎን። ከም ወጽኢቱ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ፡ ዝተፈላለዩ ተክኒካዊ ሞያታትን ዕድላት ስራሕን፡ ትግባረ ልምዓታዊ መደባትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዝምስከን ለውጢ ተመዝጊቡ። እንተኾነ፡ ደረጃ ውክልናአን ኣብ ልዑል ሞያዊ ክእለትን ምሕደራን መሪሕነትን ኩሉ ዓውድታት ስራሕን ብሓፈሻ ድሩት'ዩ ዘሎ።

ኣብ ጽላት ማይ ንቑሕን ወጽኢታውን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መደባት ንኽህሉ ዝተፈላለዩ ተበግሶታት ተወሲዶምን ትግበርኦም ኣብ ባይታ ንምርግጋጽ ዘድሊ ወፍርን ጻዕርን ተኻይዱን ይካየድን ኣሎ። ኣብ ፖሊሲ፡ ሕጋጋትን መምርሒታትን ውጥን ወሀድ ምሕደራ ማይን ሕቶ ጾታዊ ማዕርነት ኣብ ልምዓት፡ ምቕርሒ፡ ተጠቃምነት፡ ምዕቃብ፡ ምክልኻል ብኸላ ምሕደራን ጸጋታት ማይ፡ ከምኡ'ውን ምሕያል ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውጥን፡ ውሳነ ትግበረን እዞም ዝተጠቕሱ ጉዳያት ብጽሑፍ ሰፊሩ ይርከብ። ደቂ ኣንስትዮ ከም ቀንዲ ተጠቀምቲ ማይ መጠን፡ ተሳትፎኣንን መሪሕ ተራኣንን ኣብ ውጥን፡ ውሳኔ፡ ስልጠና፡ ምፍታሕ ሽግርን ምፍኻስ ጾርን ኣቕርቦት ማይን ጽሬትን ክረጋገጽን ትሑት መተባብሮ ዘለወንን ወጹዓትን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ድኽነት ተገላጊለን ዝተመሓየሸ መነባብሮ ንክመርሓን ኣብ ኣቕርቦት ማይ ቀዳምነት ክወሃበን ከምዝለዎ ኣብ'ተም መሰረታዊ መትከላት ፖሊሲ ማይን ወሀድ ምሕደራ ሃብቲ ማይን ተገሊጹ ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ሕቶ ውሑስ ቀረብ ማይን ጽሬትን ንደቂ ኣንስትዮ ጉዳይ ጥዕና፡ ዕብየት፡ ውሕስነት፡ ስትረትን ሰብኣዊ መሰልን ክብርን ስለዝኾነ። ኣብ ኩለን ትካላት ምሕደራ ሃብቲ ማይ ማለት ጸላታውያን ትካላት፡ ማሕበራት ተጠቀምቲ ማይን ኮሚቴታት ማይ ኣብ ኣካላት ምምሕዳር ዞባን እኹል ውክልናን ጾላዊ ተራን ኣበርክቶን ንኽህልወን ዘኽእል ሕጋዊ ባይታ ኣብ ሕጊ ማይ ተዛመድቲ ሕጋጋትን መምርሒታትን ብዮዝእ ተጺፉ ይርከብ። እዚ ሕጋዊ ባይታ ካብ ሓደ ሰሶ ክሳብ ፍርቂ ኣባልነት ትካላት ምሕደራ ሃብቲ ማይ ንደቂ ኣንስትዮ ዝሓዝእ እዩ። እንተኾነ ተሳትፎ፡ ውክልና፡ ጾላዊ ተራን ኣበርክቶን ደቂ ኣንስትዮ ከም ተጠቀምቲ ማይ፡ ክኢላታት ሞያውያን ከምኡ'ውን ሓለፍትን ወይ መራሕትን መደባት ትካላት ምሕደራ ሃብቲ ማይ ከምቲ ዝድለ ኣይተዛን ዘሎ።

ኣብ ብቕዓት ትካላት ምሕደራ ማይን ጽሬትን ኣብ ገጠራትን ሓውሲ ከተማታትን ኣብ 2014ን 2018ን ዓ/ም ብክፍሊ ሃብቲ ማይ ዝተኻየደ ቅያሳዊ መጽናዕትታት ከምዝሓበሮ፡ 83 ሚእታዊት ወሰንቲ ቦታታት ማለት ኣቦ መንበር፡ ጸሓፊ፡ ቴክኒካን ሓለፍቲ ፋይናንስን ከምኡ'ውን 75 ሚእታዊት ተጠበቕቲ ኣባላትን ትካላት ምሕደራ ማይ ብደቂ ተባዕትዮ ዝተዓብለለ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ከም ሓለፍቲ ጽሬት ጥራይ ዓብላሊ ተራ ኣለወን። እዚ ትሑት ደረጃ ወክልና ኣብ ቁጽሪ ኣባልነት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ኩሎም ዝተሓዙ መደባትን ዝሓለፉ ውሳኔታትን ደቂ ኣንስትዮ ስማዊ ተራ ጥራይ ከምዝለወን እቲ መጽናዕቲ የጽርር። ብኣንጻር ናይዚ ዝተጠቕሰ ደቂ ኣንስትዮ ከም ሓለፍቲ ትካላት ፋይናንስን ምሕደራ ማይን ጽሬትን ዝምስከን ብቕዓት ዘለወንን ብህዝቢ ጽቡቕ ተቐባልነት ዝረኸባን ከምኡ'ውን ኣብ ምርግጋጽ ተጻዋሪ ክሊማ ቀረብ ማይን ምሕደራ ጸጋታት ማይን ብኣብነት ዝጥቀሳን ኮይነን ተረኺበን።

እዚ ትሑት ውክልና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምርግጋጽ ብቑዕን ወጽኢታውን ምሕደራ ጸጋታት ማይ ቀንዲ ማሕንቖ ስለዝኾነ፡ ነዚ ንምፍታሕ

ሀ) ንቑሕ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ውጥን ንድፊ፡ ምሕደራ፡ ምቁጽጻርን ውሑስን ብቑዕን መሳለጥያታት ማይን ጽሬትን ክረጋገጽ፡

ለ) መደባት ኣቕርቦት ማይ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ መነባብሮን ከምኡ'ውን ምርዓም ክሊማዊ ለውጥን ክጣመሩን

ሐ) ሓብሬታ ገስጋስ መደባትን ውሳኔታትን ኣብ ምምእዛን ብዘኽእል ኣገባብ ክእከብን እዋኑ ዝጠልቦ ጉዳይ እዩ።

ምኽንያቱ ምዕሩይ ውክልና፡ ንቑሕ ተሳትፎን ጾላዊ ተራን ኣበርክቶን ደቂ ኣንስትዮ ዘረጋግጽ መደባት ሃገራዊ ልምዓት ብሓፈሻ ምሕደራ ጸጋታት ማይ ከኣ ብፍላይ ውሕስነትን ቀጻልነትን የብሉን። ስለዚ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ንኹሉ ዝምልከት ስለዝኾነ ንምሕያለን ኣብ ኩሉ መዳያት ብውህደት ንስራሕ።






# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ናቕፋ ኣብ 49 ዓመተ ልደታ

እዚ ዓምዲ'ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ ካብ ውልቃዊ ትዕዝብትታት፡ ኣብ ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ካብ ዝተጻሕፈ መጽሓፍትን መጽሔታትን፡ ቃለ መጠይቓት ከምኡ'ውን ካብ ኣርካይቭስ ጨ/ስእሊ ሚ/ዜናን ካልእን ዝተረኽበ ስእልታትን ሰነዳትን ምርኩስ ብምግባር ዝዳሎ ምዃኑ ኣቐዲምና ነዘኻኽር።

ሎሚ 22 መጋቢት 2026 እዩ። ኣብዛ ዕለት እዚኣ ቅድሚ 49 ዓመት እንታይ ንዝክር? እወ እታ ትእምርቲ ጽንዓትን ሓበንን ህዝቢ ኤርትራን ብረታዊ ቃልሱን ኰይና ንዘልኣለም ስማ ዘለዓል መዲና ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ናቕፋ እነሆ መበል 49 ዓመተ ልደታ ብኽብሪ ተብዕል ኣላ። ንዓመታ፡ ልክዕ ከምዚ ሎሚ 22 መጋቢት 2027 ድማ፡ ኣብ ሓርነታ ፍርቂ ዘመን መሊኣ መበል 50 ዓመት ልደታ (ወርቃዊ ኢዮቤላ) ኩተብዕል እያ።

ብዛዕባ ናቕፋ ዘይፈልጥ ኤርትራዊ ዜጋ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ እንተ ወሓደ ንናቕፋ ወትሩ ቡቲ ኣብ ጅብኡ ዘሎ ብስም ናቕፋ ዝተጠመቐ ባጤራና'ውን ክዝክራን መዓልታዊ ስማ ክልዕልን ስለ ዝኽእል። እንተኾነ ዝያዳ ብዛዕባኣ ንምፍላጥ ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታም ነዛ ትእምርቲ ጽንዓትናን ርእሰ ከተማ ገድልናን ዝኾነት ናቕፋ ብዛዕባ ሓርነታን ጽንዓታን በጺሓቶ ዘላ ምዕባለን ጥራይ ዘይኮነ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ውሑድ ካብቲ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታኣ ምርኣይ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ።

ሓንሳብ ምስ ተሓረረት፡ ዳግማይ እግሪ መግዛእቲ ኢትዮጵያውያን ክረግጻ ኣየፍቀደትን። ፍልማዊት ኣደ፡ ዕርዲ ጽንዓት ዝበሉ ቅጽላት ዝተሓለገት፡ ወለዶታት ኤርትራ ንዘልኣለም ኣፍ-ልቦም ነፈሖም ብሓበን ዝዘክሩዋ፡ ማእከል ስሕበት ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራውያን'ያ ናቕፋ!

ኣብ ሰሜናዊ ኤርትራ ኣብ 1730 ሜትሮ ብራኸ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ተደኲና እትርከብ፡ ከበሳዊ ክሊማ ዘለዋ ናቕፋ፡ ክሳብ'ቲ ኣብ 1996 ዝተቐየረ ዞባዊ ስርዓት-ምሕደራ ርእሰ ከተማ ኣውራጃ ሳሕል ነበረት።

ናቕፋ ዝያዳ ብኮሜራታት በጺሑቲ ኣብ ስእልታት ክትቅዳሕን ካብኡ ዝተለዓለ ኣብ መዝገብ ዓለማዊ ስእልታት ክትሰፍርን ዘኽኣለት፡ ዝያዳ ቡቲ ኣብ 1933 ኣብ ኣፍሪቃ ዑደት ዝገበር ዝነበረ ጀርመናዊ ጂኦግራፍያዊ ሰኣላይ ካርል ትሮል (Carl Troll) እዩ። ካርል ኣብ 1933 ናብ ናቕፋ ንፈለማ እዋን ምስ


ከንቴባይ ዐስማን ህዳድ ኣብ 1933

ኣቕቀልን ከምኡ'ውን ብጉልበት ሰብ ካብቲ ልዕሊ 2500 ሜትሮ ዝብራኸኡ ዝባውንቲ ሮራ ባቕላ ናብ ናቕፋ ይጓረትን፡ ካብኡ ድማ ንመንግስቲ ጥልያን ኣብ ዝተፈላለየ መዓላታት ንምውዓል ናብ ካልእ ቦታታት ከም ዝተወስደን ይንገር።

ብዘይካ'ዚ ካርል ነታ ንእሽቶን ሽዑ ናብ ዓቢ ዓዲ ትምዕብል ዝነበረትን ናቕፋን ተቐማጦኣን ክስእል ከኣለ። ሽዑ እዋን ከንቴባይ ዐስማን ህዳድ'ዩ ክንትብኡ ሓባብ ሐዚ ኣብ ናቕፋ ኮይኑ ንምሉእ ህዝቢ ሳሕል ዘመሓድር ዝነበረ። ናቕፋ ድማ፡ ከምዚ ናይ ሎሚ ወይ'ውን ካብ ግዜ ፈደረሽን ክሳብ ሓርነታ መጋቢት 1977 ዝነበረቶ ቅርጽን ዕበየትን ኣይነበራን። ብብዝሒ ኣግራብ ቀልቋልን ሞሞናን ዝተሸፈነት፡ እቲ ከቢብዋ ዝርከብ ታባታት'ውን ብዝተፈላለየ ኣግራብ ዝተሸፈነ ነበረ። እታ ዓዲ ድማ፡ ኣጓዱን መረባብዕን ብተንከባት ዝተሰርሐ


ናቕፋ ኣብ 1977

መጺ፡ ናብቲ ካብ ናቕፋ ንምዕራብ ኣብ መበል 35 ኪሎሜተር ርሒቑ ዝርከብ ሮራ ሓባብ ብፍላይ ድማ፡ ነቲ ብጫካ ከበሳዊ ኣግራብ ኣውራ ድማ፡ ጽሕዲ ፍሉጥ ዝኾነ ናይ ሎሚ ምምሕዳር ከባቢ ባቕላ ሓኾረ።

ኣብዚ ዑደቱ ድማ'ዩ፡ ነቲ ኣብ ሰናዱቕ ተዓሺጉ ኣብ ዝባን ኣግማልን ኣቕቀልን ናብ ባቕላ ዝደየበ መቐረጺ መጋዝትን ማሽናትን ኣብ ከባቢ ሽማግላይ ዝበሃል ቦታ ምስ ተገጥመ፡ እቲ ትኽ ዝበለ ወርወራት ጽሕዲ ብዘይ ንሕሰያ ክቑረጽ ጀመረ። እዚ ወርወራት'ዚ ድማ ቡቲ ኣብ ውሽጢ ባቕላ ተተኺሉ ዝነበረ ማሽናት እናተጸርበ ከም እንደገና ብኣግማልን

ገዛውቲ (ኣግነታት) ዝዓብለላ ነበረት። እቲ ኣጓዱ ነቶም ወተሃደራት የገልግል ነበረ። ክሳብ ሓርነታ ድማ፡ ነይሩ። ሎሚ ግን፡ ኣብ ናቕፋ ጥር ዝበል ኣጉዶ ኣይትረክብን ኢኻ።

ናቕፋ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናማዕበለት ትኸይድ'ኳ እንተ ነበረት፡ ስሩዕ ትምህርቲ ብቛንቋ ዓረብ ብሱዳናውያን መምሃራን ኣብ ግዜ ፈደረሽን ጀሚራ ከም ዝነበረት፡ ካብቶም ሽዑ ኣብ ናቕፋ ተመሃሮ ዝነበሩ ሎሚ ደቂ 80ታት ኣቶ መሓመድ ዓብደላ ግንሽራን መሓመድ ከንቴባይ ሓሰንን ይዝክሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ናቕፋ ዳርጋ ሓደ ዓቢ ጎደና ካብ ምዕራብ ናብ ምብራቕ ክሳብ ሩባ ምያ ዝዘርጋሕ

ነይሩዋ።

ብፍላይ ኣብ እዋን ስርዓት ሃይለስላሰ ሓንቲ መባእታ ቤት ትምህርቲ ብዘመናዊ ኣገባብ ዝተሃንጸት ክሳብ ሎሚ፡ ስም ቀዩሓ እምበር፡ ቡቲ ናይ ቀደም ምስላ ዘላ ቤት ትምህርቲ ሹሃዳእ፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ እዋን'ቲ ክሳብ ከበባ ናቕፋ 1976 ብሸወደናውያን (ሱብዴስ) ዝመሓደር ሓደ ክሊኒክ፡ ህዝቢ ማይ ዝሰትየላ ኣብዚ ሎሚ ሜዳ ኵዕሶ ተሰሪሑሉ ዘሎ ብዔላ ቀልንቃል እትፍለጥ፡ እቲ ኣብ ማእከል ናቕፋ ዘሎ ታሪኻዊ መስጊድን ብምብራቓዊ ወገን ሩባ ምያ ኣብ በሪኽ ቦታ ዘላ እንዳ ሚካኤል ቤተ-ክርስትያንን ክዝከር ይኽእል። ናቕፋ፡ መገዓዝያ'ውን ኣብ ሰሙን 2 ግዜ ካብ ከረን ናብ ናቕፋ ዝመላለሳ ኣውቶብሳትን መስመር ቴለፎንን ከም ዝነበራ እቶም ዓበይቲ ዓዲ ኣብ ሎሚ ኰይኖም ይዝክሩ።

ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሰ ደርግ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ፡ ብቐጻሊ ብቃፍላያት ወተሃደራዊ መካይንን ዝጓረቱ ወተሃደራት ንናቕፋ ኣዕለቕለቑዋ። ኮማንዶን ጦር ሰራዊትን ድማ፡ ኣብ ናቕፋ ሓደ ዓቢ መዓስከር መስረቱ። ካብ ናቕፋ ናብቲ ከባቢ ውጥም ቀልቀል ዝብሉ ዝነበሩ ተጋደልቲ ሓርነት ንምህዳን ድማ፡ ናብቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ታባታት ብቐጻሊ እናወፈሩ ዳርጋ ኣብ ራዕድን ሽበራን ክኣትዉ ጀመሩ። ካብዚ እዋን እዚ ንደሓር ድማ ህዝቢ ከከላብዑን ክኣስሩን ኪጋፍዑን ምስ ጀመሩ እታ ብሰላምን ቅሳነትን ንዓመታት ትኣብር ዝነበረት ናቕፋ ህዝባ ክሹቕረርን ኣብ ፍርሕን ራዕድን ክኣቱን ጀመረ።

እምበኣር ድሕሪ'ዚ እዩ፡ ኣብ መስከረም 1975 እቶም ዝለዓለ ጽፍሒ ውዳበኦም ብደረጃ ቦጦሎኒ ዝነበረ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ናቕፋ ዝነበረ ናይ ኩብሪ ዘብዐኛ ፍሉይ ሓይልታት ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ንመጀመርያ እዋን ብሰለስተ ቦጦሎኒታት ተሪር መጥቃዕቲ ዝኸፈቱ። እንተኾነ፡ ንናቕፋ ክቈጻጸሩዋ ኣይከኣሉን። ቡቲ ፍጻመ ዝተሰናበደ ስርዓት ደርግ፡ ከይወዓለ ከይሓደረ፡ ብቃፍላይ ዝተሰነየ ሰንቅን ዕጥቅን ናብ ናቕፋ ከምጽእ ተገዲዱ። እቲ ቃፍላይ ኣብ መጀመርያ ጥቅምቲ 1975 ናብ ኣፍዓበት ተመሊሱ። ድሕሪኡ ጸላኢ ንሓዋሩ ንናቕፋ ብመሬት ክበጽሓ ኣይከኣለን።

ይቕጽል...


ናቕፋ ኣብ 1933

### ካብ ቅርስታት ሰውራ
### ብዛዕባ ድፋዓት ናቕፋ እንታይ ትፈልጡ፧

**ኩባንያ**

ኣብ ጫፍ ጕላጕል ናይ ናሮ ዝርከብ ብኣውሊዕን ታህሰስን ዝተሸፈነ ዓቢ ጐቦ እዩ። ነዚ ስፍራ'ዚ ኣብ መጀመርታ'ኳ ጸላኢ እንተ ነበሮ፡ ዳሕራይ ድፋዕ ሰራዊት ሓርነት ኮይኑ ነበረ። ንጸላኢ ኣመና ዘገድሶ ነቑጣ ስለ ዝነበረ ከኣ ናይ ኩናት ህልኽ ኣይተፈለዮን። ጸላኢ፡ ኣጋር ሰራዊት ቅድሚ ምስዓዱ ኣሎ ዝበሃል ከበድቲ ኣጽዋሩን ነፈርቱን ኣቐዲዑ ከውሑን ገረቡን ክሳብ ዝባድም ይድብድቦ ነበረ። ደሮና መዳፍዕ ምስ ዓረገ፡ ግን ርእሲ ተጋደላይ ካብ መዛግባ ቦሎኽ ኢላ ምቁማት ትጅምር። ንኸበድቲ ኣጽዋር ዘመሓድሩ ኣዘዝቲ ሓይሊ ጸላኢ ከኣ፡ ካብቲ ዝኽዕውዎ ሓዊ ትተርፍ ትንፋስ ኣይትህሉን'ያ ኢሎም ስለ ዝግምቱ ንኣዘዝቲ ኣጋር 'ኣይፋልናን.... ናይ ማዕዶ ደብዳብ ደኣ ቀጽሉልና' ዝብል ምጭቕጫቕ ይሰዕብ'ሞ፡ ኣብ መወዳእታ እቶም ኣዘዝቲ ከቢድ ብረት 'ኣይትፍርሑ ኣብኣ ሰብ ዝሰርሕ ኩባንያ (ኢንዱስትሪ) የለን። እቲ ዝነበረ ከኣ ተደምሲሱ እዩ' ስለ ዝብልዎም፡ ቡቲ ሓበሬታ እቲ ኣብ እዋን ኢድ-ብኢድ ተንሲኡ ዝጠማጠምን ጸላኢኡ ዘውድቕን ተጋዳላይ 'ኩባንያ' ኢሉ ጸወዓ። ብዘይካ'ዚ ታሪኽ ናይታ ድፋዕ ክልተ ሰባት ካብ ጋንታ ይድይብዋ እሞ፡ ጋንታ ናይ ኢድ ቦምባታት እናቐበለቶም ክዋግኡ ይውዕሉ። ነቲ ከም ስራሕ ፋብሪካ (ኩባንያ) ገሌኻ ጥረ ነገር እናቐበልካን ገለኻ እናኣህለኽካን ዝዕመም ዕማም ናይቶም ተጋደልቲ 'ኩባንያ' ኢሎም ሰምዮማ'ውን፡ ይበሃል እዩ።

### ካብ ሕቶታት ታሪኽ

1. እቲ ኣብ መጋቢት 1987 ዝተገብረ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ብምንታይ ይፍለጥ?
2. እቲ መዘና ድየን በዩንፉ ዝተባህለን ኣብ 1988 ዝተኻየደን መጥቃዕቲ ወርሑን ዕለቱን ጥቐስ?
3. ካብዚኦም እቶም ኣብ ወርሒ መጋቢት ዝተጀመሩ ወራራት ደርግ ኣየኖት'ዮም? ምርጫ ኣለኩም፡
   ሀ/1ይን 2ይን ለ/2ይን 3ይን ሐ/4ይን 7ይን
4. ንፈለማ እዋን ኣብ ምድምሳስ ናደው ካብ ዝተሰልበ ዘመናዊ ኣጽዋር ሓደ ጥቐስ?
5. ንፈለማ ኣብ ምድምሳስ ናደው ዝተማረኹ ወጻእተኛታት ክንደይ ነይሮም? ደቂ ኣየናይ ሃገር'ዮም?

መልሲ ኣብ ዝቕጽል ሕታም...

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

### 1. Position: Underground Projects Supervisor

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Oversee safe and efficient delivery of underground construction activities.
- Supervise crews and ensure quality work in shotcrete, dewatering, services, ventilation, and civil tasks.
- Coordinate resources, schedules, and daily operations to meet project requirements.
- Maintain strict safety, compliance, and reporting standards underground.

**Essential Function**

- The Underground Projects Supervisor is responsible for planning, coordinating, and supervising daily underground construction or mining operations.
- This role ensures that work is completed safely, efficiently, and in accordance with project specifications, company standards, and regulatory requirements.
- The supervisor leads underground crews, manages shift activities, troubleshoots operational issues, and supports quality control and safety performance
-

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Shotcrete Wall Construction
- Dewatering Sump Management
- Mine Services Installation
- Underground Roadworks
- Ventilation Infrastructure
- Civil & General Underground Works
- Health, Safety and Environment

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Technical certificate, diploma, or degree in Mining, Civil Engineering, Construction Management, or related field. | • 5–10 years of experience in underground construction or mining<br>• Experience in planning, scheduling, and resource allocation for underground projects.<br>• Proven experience supervising shotcrete, civil underground works, and mine services installations. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Strong knowledge of shotcrete operations, ground support, and QC testing.<br>• Understanding of underground hydraulics, pump systems, and sump design.<br>• Knowledge of electrical, water, air, and communications mine service systems.<br>• Ability to interpret civil drawings, ventilation plans, and geotechnical data. | • Safety-focused<br>• Strong leadership<br>• Clear communication<br>• Good problem-solving<br>• Adaptable under changing conditions<br>• Team player<br>• Reliable and accountable<br>• Attention to detail<br>• Calm under pressure<br>• Professional and honest |

### 2. Position: HME Mechanic

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**

- To be responsible for the maintenance, repair, and troubleshooting of heavy mobile equipment used in underground operations.
- To play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining projects.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Safety Targets Achieved
- SOP Requirements Achieved
- Production Targets Met (Costs Maintained Within Budget)
- Manpower Development Achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique requirements/other information**

- Adhering to principles & values. Effective communication skills.
- Excellent interpersonal skills, initiative, efficient and ability to work in a multi-cultural, multi-ethnic environment with sensitivity and respect for diversity.
- Strong understanding of the maintenance, troubleshooting, and repair processes for HME. Excellent problem-solving skills and attention to detail.
- Strong attention to detail with a commitment to producing high-quality work.
- Willingness to work in underground conditions, including extended shifts, if necessary.
- The candidate must be Physically and Medically fit.
-

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Diploma in Heavy Mining Equipment maintenance or Formal Trade certificate.<br>• High school diploma or equivalent<br>• Additional training or certification in heavy mechanical or underground equipment repair is preferred | • Minimum 3 years of experience in repairing and maintaining underground heavy mobile equipment.<br>• Proven troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>• Ability to read and interpret technical manuals, schematics, and blueprints.<br>• Acceptable knowledge of underground safety and work execution.<br>• Holder of a valid driver license |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy<br>• Hydraulic fault-finding<br>• Mechanical/ Electrical skill<br>• Onboard Fire Suppression Systems<br>• Acceptable knowledge and experience on multiple underground machines<br>• Risk Assessment<br>• Logical Thinker | • Risk assessment and safety oriented<br>• Time management<br>• Communication (English)<br>• Able to work in a team concept<br>• Able to share knowledge and skills with local workforce<br>• Ability to work in a multi-disciplinary environment.<br>• Ability to work under pressure and achieve results.<br>• Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

CONTINUED on PAGE 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

CONTINUED from PAJE 7

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Artisan Auto Electrician**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**

- To attend to all electrical related issues on underground mining equipment and workshop.
- Diagnose and replace faulty electrical and electronic systems, units and components of machinery and equipment.
- Inspect electrical systems, equipment, and components to identify hazards, defects and the need for adjustment or repair, and to ensure compliance with codes.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedure.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Safety Targets Achieved
- SOP Requirements Achieved
- Production Targets Met (Costs Maintained Within Budget)
- Manpower Development Achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting

## Unique requirements/other information

- Adhering to principles & values. Effective communication skills.
- Excellent interpersonal skills, initiative, efficient and ability to work in a multi-cultural, multi-ethnic environment with sensitivity and respect for diversity.
- Strong understanding of the maintenance, troubleshooting, and repair processes for HME. Excellent problem-solving skills and attention to detail.
- Strong attention to detail with a commitment to producing high-quality work.
- Willingness to work in underground conditions, including extended shifts, if necessary.
- The candidate must be Physically and Medically fit.
-

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Auto Electrical Technician Part II, III/HND Electrical & Electronic Engineering or related qualification from a recognized institution.<br>• Additional training or certification in Auto Electrical mining equipment or underground equipment repair is preferred<br>• Certification for Air-conditioning maintenance and repair will be advantageous | • Minimum of 5 years of experience in mining maintenance field, including 3 years of experience on underground equipment such as drill rigs, loaders, dump trucks, and other supporting machinery.<br>• Ability to distinguish colors used in colour-coding harness and electronic components.<br>• Ability to identify electrical problems and apply diagnostic methods to achieve satisfactory results.<br>• Proven ability to read and interpret standard electrical blueprints, schematics, technical drawings, parts books, and service manuals (including specifications).<br>• An ability to identify, organize and use resources effectively to complete tasks with due regard to cost, quality, safety, and environmental impact.<br>• Acceptable knowledge of underground safety and work execution.<br>• Possess a valid Driver's License with good defensive driving skills |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy<br>• Hydraulic fault-finding<br>• Mechanical/Electrical skill<br>• Onboard Fire Suppression Systems<br>• Acceptable knowledge and experience on multiple underground machines<br>• Risk Assessment<br>• Logical Thinker | • Risk assessment and safety oriented<br>• Time management<br>• Communication (English)<br>• Able to work in a team concept<br>• Able to share knowledge and skills with local workforce<br>• Ability to work in a multi-disciplinary environment.<br>• Ability to work under pressure and achieve results.<br>• Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

### 1. Position: Underground HME Planner

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To plan, schedule, control and direct workloads involving Maintenance, repair
- To maintain the availability and productivity of the plant machinery and labour resources in accordance with Computerized systems and Quality Assurance Procedures.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Equipment availability
- Planned Maintenance Compliance
- Spares Availability
- Quality assurance performance
- Safety awareness
- Health, Safety and Environment
- Additional Duties

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Diploma Holder in Mechanical, Electrical, or Instrumentation fields<br>• A maintenance certification such as Certified Maintenance and Reliability Professionals (CMRP), Maintenance Management Professional (MMP) or Certified Reliability Engineer (CRE) is a strong asset.<br>• Further qualification in Finance/Business Management would be an advantage | • At least 9 years work experience in Plant environment– disciplinary industrial plant experience both surface and underground.<br>• Knowledge of plan, schedule, control, and direct workloads involving Maintenance, repair |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy<br>• Conversant with Microsoft Office Suite (Outlook, Excel, Word, Microsoft Project, and Power Point).<br>• Strategic planning.<br>• Project planning.<br>• Budgeting.<br>• Plan, organise, and execution.<br>• Risk management and assessment.<br>• Analytical and Problem solving.<br>• Technical Report writing. | • Good oral and written communication skills<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>• Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>• Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>• Self-starter, Drive, and enthusiasm<br>• Developmental orientated<br>• Passion for accuracy and perfection in delivery Excellent leadership skills. |

### 2. Position: HME Loader, Dozer, Grader Supervisor

**Department: Mining**
**Section: HME Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Managing the Loader, Dozer and Grader Section.

**Main Functions**

- The Loader, Dozer and Grader Supervisor shall be responsible for scheduling, co-ordinating and supervising the work of all Loader, Dozer and Grader Section operatives, ensuring that all work is delivered safely on time and within budget along with managing equipment and materials required.
- To ensure that all company and legal regulations are implemented, that all required documentation is completed as necessary and recording daily work appropriately in accordance with the Department's requirement.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Ensuring maintenance and repairs of the Mining Loaders, Dozers and Graders is carried out in an efficient and effective way in order to minimize equipment downtime.
- Ensuring that routine and random equipment and work environment inspections are conducted to standard and documented accordingly to the stipulated Mine procedures.
- Assisting Section members in conducting failure analysis investigation of reoccurring or unique failure for the purpose of avoiding repeated failure as well encouraging innovation and creativity.
- Leading in identifying and implementing cost saving initiatives within the Section.
- Ensuring that all Section personnel have job relevant training requirements to carry out tasks assigned to them.
- Leading labor and materials management process in the Section to ensure efficient management of resources, thus, sustaining efficient labor utilization and avoiding parts run out.
- Ensuring that all work performed within the Section is documented according to the requirements of the HME Department CMMS system.
- Ensuring that tasks are completed on time and within budget.
- Ensuring that all work is carried out according to standard operating procedures ensuring integrity of the equipment is guaranteed (equipment reliability maintained) and personnel work in a safe environment.
- Ensuring that all Section personnel have job relevant training requirements to carry out tasks assigned to them.
- Liaising on a daily basis with the Superintendent on the planning and execution of the Section tasks.
- Assisting the Superintendent in driving the process of skills transfer to national employees by ensuring that the expats are allocated National Technicians to coach and ensuring periodical review of performance is conducted.
- Managing employee's performance goals. Thus, setting clear goals, determining key job responsibilities, identifying and using skills, coaching and giving continuous feedback, and providing an objective appraisal of performance for his subordinates.

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically fit.
- Candidate must be able to work under severe conditions such as heat, wind and dusty environments.
- Candidate must be able to work at heights (various kinds of vehicles).

CONTINUED on PAJE 10

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 9

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Minimum Technician certificate in Diesel Mechanic. | • 3 - 5 years with HME Maintenance and repair in a mining environment |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Basic Computer Knowledge<br>• Attention to detail<br>• Analytical skill<br>• Should have an understanding of hydraulic systems | • Communication (English)<br>• Assertiveness<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy<br>• Self-motivation |

1. **Position: HME Mechanic**

**Department: Mining**
**Section: HME Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To be responsible for the maintenance, repair, and troubleshooting of heavy mobile equipment used in mining operations.
- To play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining projects.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Safety targets achieved
- SOP requirement achieved
- Production Targets met (Costs maintained within budget)
- Manpower development achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique requirements/other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Diploma in Heavy Mining Equipment maintenance or Formal Trade certificate.<br>• High school diploma or equivalent<br>• Additional training or certification in heavy mechanical equipment repair is preferred | • Minimum 5 years of experience in repairing and maintaining heavy mining equipment.<br>• Proven troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>• Ability to read and interpret technical manuals, schematics, and blueprints.<br>• Acceptable knowledge of underground safety and work execution.<br>• Holder of a valid driver license. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy<br>• Hydraulic fault-finding<br>• Mechanical/ Electrical skill<br>• Onboard Fire Suppression Systems<br>• Acceptable knowledge and experience on multiple underground machines<br>• Risk Assessment<br>• Logical Thinker | • Risk assessment and safety oriented<br>• Time management<br>• Communication (English)<br>• Able to work in a team concept<br>• Able to share knowledge and skills with local workforce<br>• Ability to work in a multi-disciplinary environment.<br>• Ability to work under pressure and achieve results.<br>• Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

ሓደስቲ መጽሓፍቲ
NEW BOOKS
ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. Brush up your Progress in High school (Natural Science Stream): English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.
2. Brush up your Progress in High school (Social Science Stream): English, Maths, Geography, History, Business & Economics.




ነፍስ ወከፍ መጽሓፍ፡
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቖ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መለማመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

07151337/07282165

ሪፖርታዥ

# “ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ፡ ካብ ኣፍራይነት ዝበኾር ዜጋ ኣይክህሉን'ዩ” መውል

ዳህላክ ነጋሲ
ስእሊ - ፍያሜት መስፍን



ሓላፊ ጨንፈር ፋይናንስ ኣቶ ቴድሮስ ሃይለ

መደብ ወሀለላን ንኡስ ልቓሕን - ‘መውል’፡ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ 2025 ከምኡ ድማ፡ ኣብ ጉዕዞ ንጥፈታት 30 ዓመታት እቲ ትካል ዘተኰረ ጽብጻብ ኣብ ኣስመራ ኣካይዱ። ኣብቲ ሳዕለምት ሓለፍቲ፡ ኣብ እተፈላለየ ኵርናዓት ሃገርና ዝርከቡ ሰራሕተኛታት መውልን ካልኦት ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽበሉ፡ መተባብሮ ዜጋታት ንምምሕያሽን ዝርገሐኡ ንምዕባይን ኣተኩሩ ይሰርሕ ከም ዘሎ ተገሊጹ።

ኣብቲ ብቕዳም 7 መጋቢት ዝተኻየደ ገምጋም፡ ሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን ኣብ 2025 ከምኡ'ውን ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ዝተኻየደ ንጥፈታት ዝገልጽ ጽብጻብ ኣቕሪቦም። ፈለማ ሓላፊ ክፍሊ ኦፕረሽን ኣቶ ታደሰ ተኸስተ ኣብ ዘቕረቦ ገምጋም፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ሽዱሽተኦን ዞባታት ብጠቕላላ ኣሰታት 799 ዓዳዊ ጣእከታት ከም ዘለዋ፡ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት - ማለት ኣብ 2021 ቍጽሪ ዓዳዊ ጣእከታት 751 ከም ዝነበረ ሓቢሩ።

ጂኦግራፍያዊ ሽፈነ መውል ኣብ ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን ምሉኡ-ብምሉእ ወይ 100% ክበጽሕ እንከሎ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢታት ልዕሊ 81% ከምኡ'ውን ኣብ ዓድታት ልዕሊ 71% በጺሑ ከም ዘሎ ተገሊጹ። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ምምሕዳር ከባቢታት ባዳን ዓዳይቶን ኣገልግሎት መውል ክረኽብ ክኢለን ኣለዋ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንኣሰታት 17,357 ዓማዊል ልቓሕ ክወሃብ እንከሎ፡ ካብዚ ቀዳማይ ደረጃ ዝሕዝ ናይ ሰራሕተኛታት ልቓሕ ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ውልቕን ጉጅለን ልቓሕ ድማ፡ ሓደ ድሕሪ ሓደ ተሰሪዖም ይርከቡ። በዚ ኸኣ፡ ጠቕላላ ቍጽሪ ዓማዊል ኣሰታት 74,807 ከም ዝበጽሑ፡ ካብዚ'ኣቶም እተን 40,517 (54.1%) ደቂ-ኣንስትዮ ምዃነን ተፈሊጡ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ዓማዊል ተዋፊሩ ዘሎ ሚዛን ልቓሕ ኣሰታት 308,180,359.86 ናቕፋ ከም ዝኾነ፡ ናይ ዓማዊል ሚዛን ወሀለላ ከኣ ኣሰታት 49,979,933.25 ናቕፋ ከም ዝበጽሐ ተጠቒሱ። ኣብ ጽብጻብ ናይ ጉጅለን ውልቕን ልቓሕ ከኣ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣሰታት 21.3 ሚልዮን ናቕፋ ካብ መዓልቱ ዝሓለፈ ልቓሕ ከም ዝነደለ ተጠቒሱ። ኣብቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ዝተዓመ ንጥፈታት ዝድህስስ ጽብጻብ ከኣ፡ ኣብ 2021 ዝርገሐ ልቓሕ ኣሰታት 142,625,329 ናቕፋ ከም ዝነበረ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ድማ ናብ 227,808,690 ናቕፋ ከም ዝዓበየ ተገሊጹ። ከምኡ'ውን ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ዝተኣከበ ቀንዲ ልቓሕ 127,798,589 ናቕፋ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ 2025 ከኣ ናብ 237,141,906 ናቕፋ ከም ዝዓበየ ተሓቢሩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት መጠን ዝተመልሰ ልቓሕ ክረአ እንከሎ ኣሰታት 48.40% ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ግን ናብ 53.93% ክበብ ከም ዝበለ ተጠቒሱ።

ኣብ 2025 ካብ እተዓመ ገለ ንጥፈታት ብኸፊሉ ምስ እንምልከት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ባረንቱን መንደፈራን ክልተ ሓደሽ ጨንፈር ሰራሕተኛታት ልቓሕ ከም ዝተማሰረተ፡ ብዘይካ'ዚ፡ ብውሽጣዊ ዓቕሚ መውል ንኣሰታት 41 ሓለፍቲ ኣባላት ኦፕረሽን ንሓደ ሰሙን ዝቐጸለ ስልጠና ከም ዝተዋህበ ተሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መፋርቕ 2024 ዝተኣታተወ ሓደሽ ብዘይ ዑደት ዝወሃብ ልቓሕ፡ ኣብታ ዝቐጸለት ዓመት ን377 ዓማዊል ኣሰታት 11 ሚልዮን ናቕፋ ከም እተዘርገሐ ተገሊጹ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ግዚያዊ ኣኪያዲ ስራሕ መውል ምስ ኣባላት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብምዃን፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ፎሮን ገልዓሎን ኣፍልጦ መኻርኽቲ ምዕባይን ምዝፋሕ ንጥፈታት መውልን ዝድርኽ ዓውደዘተ ከካይድ እንከሎ፡ ከም ውጽኢቱ ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ ኣሰታት 2.15 ሚልዮን ሓደሽ ልቓሕ ተዘርጊሑ ኣሎ።




ግዚያዊ ኣካያዲ ስራሕ መውል ኣቶ ታፍላ ኣስመሮም

ከም መቐጸልታ ናይቲ ዓመት መጻ ዞባዩ ዓበይቲ ንጥፈታት፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ኣብ ምእካብ ልቓሕ ብኣተኩሮ ብምዕያይ፡ መጠን መዓልቱ ዝሓለፈ ልቓሕ ብ25% ንምጉዳል ከም ዝሰራሕ ክገልጽ እንከሎ፡ ልቓሕ ምዕዳል ጥራይ ዘይኮነ ልቓሕ ብምዝርጋሕን ንጥፈታት ብምዃሕን ከምኡ ድማ ብዘተጻነዐ ዝጸፈፈን ኣገባብ ልቓሕ ንምዝርጋሕ'ውን ወጥን ወጺኡ ከም ዘሎ ተገሊጹ።

ካብኡ ቀጺሉ ሓላፊ ጨንፈር ፋይናንስ መውል ኣቶ ቴድሮስ ሃይለ ንፋይናንስያዊ ንጥፈታት ናይቲ ትካል ዝድህስስ ጽብጻብ ኣቕሪቡ። ከም ኣብኡ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንሓለፍቲ ሕሳብ ዞባታት ስልጠና ከም ዝተዋህበ ከምኡ'ውን ውሳኔታት ዘድልዮ ሕሉፍ መጻእን ተኸፊልን ሕሳባት መውል ምስ ምሕደራ ኮሚቴ ብምዃንን ምኽሪ ናይ ደገ ኦዲት ብምቕባልን ከም ዝደቓቐስ ከም ዝተገብረን ካልእን ዝበሉ ነጥብታት ዝሓቘፈ ጽብጻብ ቀሪቡ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተተግበረ ወጥን እውን ብኸፊል ምስ እንምልከት፡ ኣብ 2024 Draft Financial Statement ብምድላው ናብ ክፍሊ ኣታዊ ወሸጢ ሃገር ከም ዝቐረበ፡ በዚ ከኣ ኣሰታት 8.2 ሚልዮን ናቕፋ ግብሪ ካብ ትርፊ ከም ዝተኸፈለ ተጠቒሱ። ብተወሳኺ፡ እማመ ባጀት 2025 ብምጽራይን ብምጥርናፍን (Compile)፡ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከም ዝቐረበ ብድሕሪ'ዚ፡ ምስ ጸደቐ ድማ፡ ናብ ዞባታት ተላኢኹ ከም ዝተተግበረ ተገሊጹ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት መደብ ስራሕ ተሓንጺጹሉ ክንሱ ብሰንኪ እተፈላለየ ምኽንያት ክይተተግበረ ዝተረፈ ንጥፈታት'ውን ተገሊጹ ነይሩ። ንኣብነት፡ ንገለ ሓለፍቲ ሕሳብ ዞባታት ኣብ ስራሕ ዘተኰረ ስልጠና ንምሃብ ዝወጸ መደብ ብሰሪ እተፈላለየ ምኽንያት ዘይተዓመ፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ምስ ተወሰኽቲ ሓደስቲ ኣባላት ቀዳምነት ዝወሃቦ መደብ ምዃኑ ተሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ምዕጻው ሕሳብ ኣብ ሲስተም LPF ኣቐዲሙ ዝተወደአ ጉዳይ እኳ እንተኾነ፡ ‘Draft Financial Statement’ ድሕሪ ምድላው ዝኣተወ ሓበሬታ ናይ ሕሳባት ምዝንባዕ ፈጢሩ እዩ። ዚ ንምጽኣፍ ብኣተኩሮ ክሰርሓሉ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ንምዕጻው መደብ ተታሒዙ ይርከብ።

ኣብ ጽብጻብ ትካላት ዝነበረ ብልጫታት፡ ድኽመታትን ብድሆታትን ክጥቀስ ንበር እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ብጨንፈር ፋይናንስ መውል እውን ዝተተግበሩን ዘይተተግበሩን መደባት ምስ ተገልጹ፡ ቀጺሉ ዘጋጠሙ ብድሆታት'ውን ተጠቒሶም ነይሮም። ብድሕሪ'ዚ ወጥን ስራሕ ናይ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ከም ኣብነት፡ ንሓለፍቲ ሕሳብ ዞባታት፡ ሓለፍቲ ሕሳብ ጨናፍርን ተሓጋገዝቶምን ኣብ ስራሕ ዘተኰረ ስልጠና ምሃብ ከምኡ'ውን ውሳኔታት ዘድልዮ ሕሉፍ መጻእን ተኸፊልን ሕሳባት መውል ምስ ምሕደራ ኮሚቴ ብምዃን ምኽሪ ናይ ደገ ኦዲት ብምቕባልን ከም ዝደቓቐሱ ምግባርን ዝበሉ ነጥብታት ተገሊጾም።

ካብዚ ብምቕጻል፡ ጽብጻብ ንጥፈታት ኦፕረሽን መውል ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ብሓላፊ ሰዩ ናይቲ ትካል ኣቶ ተስፋኣለም ወረደ ቀሪቡ። ኣብቲ ጽብጻብ ዓዳዊ ጣእካ ኣብ ሓምለ 1996 ደገፍ ንኣማዊ ልምዓት ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ዞባዊ ምምሕዳር ከም ዝተማሰረተ ተገሊጹ። ኣብቲ እዋን ቍጽሪ ዓዳዊ ጣእከታት 25 ነይሩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከኣ ቍጽሪ ዓዳዊ ጣእከታት ናብ 799 ክበብ ኢሉ። ካልእ፡ እቲ ትካል ክምስረት እንከሎ ብጠቕላላ ዓማዊል 1,532 ዝነበሩ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ግን ናብ 74,807 ክፃቢ ክኢሉ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 1996 ዝርገሐ ልቓሕ ኣሰታት 1.3 ሚልዮን ናቕፋ ዝነበረ፡ ድሕሪ 2014 ዓ.ም ኣብ ዝቐጸለ ዓመታት ብምኽንያት ምቕያር ባጤራን ኮሮናን ዝርገሐ ልቓሕ ክበብ ለጠቕ እናበለ ከም ዝቐጸለ ይፍለጥ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከኣ ዝርገሐ ልቓሕ ኣሰታት 228 ሚልዮን ናቕፋ ከም ዝበጽሐ ተጠቒሱ።



ሓላፊ ክፍሊ ኦፕረሽን ኣቶ ታደሰ ተኸስተ

ብተወሳኺ፡ ኣብ መወዳእታ 1996 ካብ ዓማዊል ዝተኣከበ ቀንዲ ልቓሕ ኣሰታት 54 ሽሕ ናቕፋ ዝነበረ፡ ድሕሪ 30 ዓመታት ብዘሎ ዝተኣከበ ገንዘብ ኣሰታት 237 ሚልዮን ናቕፋ ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሓደ ዓማዊል ኣሰታት 1.3 ሚልዮን ናቕፋ ተረፍ ከም ዝነበረ፡ ኣብ 2025 ዝተመዝገበ ውዝዙፍ ሚዛን ልቓሕ ናብ ኣሰታት 308 ሚልዮን ናቕፋ ክበብ ክበል ክኢሉ። ብድሕሪ'ዚ፡ ቍጽሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዓማዊል ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ብማእታዊት ቀሪቡ ነይሩ። ንኣብነት፡ ኣብ 1996 ካብ ዝነበረ ጠቕላላ ብዘሎ ዓማዊል ማለት - ካብ 1,532 ዓማዊል እተን 458 (30%) ደቂ-ኣንስትዮ ነይረን። ኣብ 2025 ጠቕላላ ብዘሎ ዓማዊል 74,807 ክበጽሕ እንከሎ፡ ካብዚኦቶም እተን 40,517 ደቂ-ኣንስትዮ ከም ዝኾና፡ እዚ ብማእታዊት ክረአ እንከሎ (54%) ከም ዝሸፍና ተገሊጹ።

ካብ'ዚ ብምቕጻል ግዚያዊ ኣካያዲ ስራሕ መውል ኣቶ ታፍላ ኣስመሮም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ጽፉፍ ኣሰራርሓ ትካል ከምኡ'ውን ኣፍልጦ ህዝቢ ምዕባዩን ዝርገሐ መውል ምስፍሑን ንዕበየት ናይቲ ትካል ዝሓገዙ ረቛሒታት ምዃናም ገሊጹ። ኣስዒቡ፡ ዝርገሐ ልቓሕ ዝሓለፈ ዓመት ምስቲ ናይ ቅድሚኡ ዓመት ብምንጽጻር ብ16.3% ክበብ ክበል እንከሎ፡ ምእካብ ልቓሕ ድማ ብ17.8% ዕቤት ከም ዘመዝገበ ሓቢሩ። ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ብድምር ዝተዘርገሐ ልቓሕ ኣሰታት 4.3 ቢልዮን ክበጽሕ እንከሎ፡ ዝተኣከበ ልቓሕ ከኣ ኣሰታት 4 ቢልዮን ናቕፋ ከም ዝኾነ ኣፍሊጡ። ትካል መውል፡ ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ፡ ካብ ኣፍራይነት ዝበኾር ዜጋ ንኸይህሉ ከም ዝሰርሕ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብሉጽ ስራሕ ንዘዕመመ ጨናፍር ከምኡ'ውን ንዝበለጸ ዞባ ሽልማት ‘ረባሕ’ ተዓዲሉ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ፍሉይ ለውጢ ዘመዝገባ ጨናፍር ንኡሳን ዞባታት ሃይኮታን ሰረጀቓን ምስክር ወረቐት ተዓዲለን። ከምኡ'ውን ንሰወታት ጨንፈር ሰራሕተኛታት ልቓሕ፡ መንደፈራን ባጽዕን ሽልማት ተዓዲለን። ብድሕሪ'ዚ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተርታ ዝሓዛ ዕዉታት ጨንፈራት 2025 ተሰዪ፡ ከረንን በረኽን ብብተራ ሽልማተን ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ተቐቢለን። ኣብ መወዳእታ፡ ብሉጽ ስራሕ ብምዕማም ንብሉል ዝኾነት ዞባ ናይ ገዝዘ ዋንጫን ምስክር ወረቐትን ሽልማት ተዋሂበ። በዚ ከኣ ዞባ ማእከል ንብሉል ብምዃን ተዓዊታ። እቲ ንብሉጻት ጨናፍርን ዞባን ዝውሃብ ሽልማት ረባሕ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከም ዝጀመረ ይፍለጥ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| | ሃገራዊ መዝሙር |

ብሃገራዊ ፌደረሽን ስፖርት ዝተወደበ ቕድድም መኪናን ሞቶር ሳይክልን ካብ ሰዓት 8:00 ንግሆ ጀሚሩ ብቐጥታ ብተለቪዥንን ብድምጺ ሓፋሽን ክመሓላለፍ ምዃኑ ንሕብር።

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:30 | ፊልም ዳምር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፈንቅል |
| 17:40 | ዕላል ምስ ስነ ጥበባዊ መሓመድ ኑር |
| 18:35 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

(ሰኑይ)

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ተመክሮ ህይወት በዓልቲ ሞያ ኣሰራርሓ መግቢ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ምስ ዶክተር ዓጀብ ኣልኣሚን (ከሊጅ ዓዲ ቐይሕ) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ወግዓዊ ስነ - ስርዓት ዓድ ኣልፈጥር |
| 15:30 | መደብ ጉጅለ ሓሬና 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ጉጅለ ሓሬና 2ይ ክፋል |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቑር)

## ኣግማል ቀይሕ ባሕሪ፡ ዛንታ ማዕረ ከም ዘበቅዕ ይገብሩ ዶ፧

### ኣግማል ቀይሕ ባሕሪ ኣንጻር ነጋውስ ዋልታ

ሃገራዊት ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ኣብ ቅድመ-መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ኣንጻር ኢስዋቲኒ ክትገጥም ናብ ሞሮኮ ኣቕኒዓ።

ኣግማል ቀይሕ ባሕሪ፡ ብዘይካቶም ኣብ ወሽጢ ሃገር ዝጻወቱ 12 ተጻወትቲ፡ ከምኡ`ውን ኣብ ሃገራት እንግሊዝ፡ ግብጺ፡ ጀርመን፡ ሽወደንን ኣውስትራልያን ኣብ ዝርከብ ሊጋት ዝጻወቱ 14 ኤርትራውያን ተጻወትቲ ተጠርኒፎም መሳርያም ብምድልዳል ኣንጻር`ቶም ብኒጋውሰ ዋልታ ዝጽውዑ ጋንታ ንምግጣም ኣብ ሞሮኮ ደርኪቦም።

ቀዳማይ እግሪ ጸወታ ኣግማል ቀይሕ ባሕሪ 25 መጋቢት`ዩ ክካየድ። ኤርትራን ኢስዋቲኒን ኣብ ታሪኽን ክልተ ግዜ እዩ ተራኺበን።

ኣብ ጥቅምቲ 2006 ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየዳኦ ግጥም፡ ብዘይ ሸቶ 0-0 እየን ተፈላልየን። ብተመሳሳሊ 9 መስከረም 2007 ኣብ ኢምባባን ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ 0-0 ተፈላልየን።

ኣግማል ቀይሕ ባሕሪ ድማ፡ ዝ. ናይ ማዕረ ወጽኢት ክቕይርዎ ሓላፍነት ተሰኪሞም ደርኪቦም።



እዛ ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ እትገጥም ዘላ ኢስዋቲኒ ብወገና፡ ዝበለጸ ወጽኢታ ኣብ ውድድር ኮሳፋ፡ ፍርቂ ፍጻመ ዝበጽሐትሉ እዩ።

ነጋውስ ዋልታ፡ ብ8 ሰነ 2008 ኣብ ሜዳኦም ንቶጎ 2-1 ብምርታዕ ድሕሪ 1992 ንፈለማ ግዜ ዓወት ከስተማቕሩ በቒዖም። ናይ ቀረባ ዝበለጸ ወጽኢት ሃገራዊት ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኢስዋቲኒ፡ እቲ ኣብ 2017 ኣብ ቅድመ መጻረዪ ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ምድባ ንጊንን ማላዊን በሊጻ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘትሉ እዩ።

ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ)፡ ኤርትራ እትርከበን 12 ሃገራት ኣብ መጻረዪ ግጥማት ኣውዲቕካ ምሕላፍ ንኽኣትዋ ብዘውጸኦ መምርሒ መሰረት፡ ሃገራዊት ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኢስዋቲኒ፡ ናይ ክልተ እግሪ ግጥማት ክተካይድ እያ።

**ዓወት ንሃገራዊት ጋንታና!**

## ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ናብ ጸወታ ክምለሰ`ዩ

ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ኣርነ ስሎት፡ ብዘጋጠሞ መጕዳእቲ ካብ ታሕሳስ 2025 ካብ ጸወታ ርሒቑ ዝጸንሐ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ኣብቲ ሊቨርፑል ኣንጻር ፒኤስጂ እተካይዶ ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታ ከም ዘርክብ ገሊጹ።

ክብረ ወሰን መሰርሕ ምስግጋር ሰይሩ ናብ ሊቨርፑል ዝተጸንበረ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ዋላ`ኳ ምሉእ ብምሉእ ሓውዩ ናብ ልምምድ እንተዘይተመልሰ፡ ብዝርአዮ ዘሎ ምምሕያሽ ግን፡ ኣብቲ ጋንታኡ ሸሞንተ ሚያዝያ እተካይዶ ግጥም ከም ዝጻወት ኣሰልጣኒኡ ገሊጹ ኣሎ። ሊቨርፑል፡ ብሰንኪ መጕዳእቲ መሓመድ ሳላሕን ኣሊሶንን መስመር ምጥቃዕ ላሕሊሑ ኣብ ዘሎ፡ ምምላስ ኢሳቕ ነታ ጋንታ ተስፉ ዝሀብ ምዃኑ ይጥቀስ።

ስሎት፡ ንምምላስ ኢሳቕ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ናብ ጸወታ ምስ ተመልሰ ልዑል ጽልዋ ከምጽእ ከም ዝኽእል እምነት ኣሎኒ። ንሱ ድልው ኣሎ፡ ንዝመጽእ ክልተ ወርሒ ድማ ክንጥቀመሉ ኢና፡" ኢሉ።

ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ካብ ኒውካስል ናብ ሊቨርፑል ክሰጋገር እንከሎ፡ ብዝነበሮ ዘይምርድዳእ፡ ናይ መዳለዊ ወቕቲ ልምምድ ክዑበር ኣይክኣለን። በዚ ኸኣ ኣብ ቀዳሞት ጸወታታት ጋንታኡ ከምቲ ዝድለ ብቕዓት ከተንጸባርቕ ኣይተራእየትን።

ኣሰልጣኒኡ ኣርነ ስሎት ግን፡ ኣብ ልዕሊ`ቲ ወዲ 26 ዓመት ኤርትራዊ ሽወደናዊ ተጻዋታይ ልዑል እምነት ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ ኣብዘን ተረፈናኦም ዘለዋ ግጥማት፡ ኣበርክቶ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ዕዙዝ ክኸውን ትጽቢት ገይሩ ኣሎ።

## ውሳነ ካፍ ዝወለዶ መዘዝ

### ጊኒ፡ ናይ 1976 ዋንጫ ክወሃባ ትጠልብ

ኮንፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ፡ ድሕሪ 58 መዓልታት ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፡ ኣከራኻሪ ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ጊኒ ብወገኑ እቲ ኣብ 1976 ንሞሮኮ ኣኽሊል ከም ትደፍእ ዝገበረ ዋንጫ ኣፍሪቃ ደጊሙ ክጻረየሉ ሕቶ ኣቕሪቡ። በዚ ኸኣ ንኮንፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ(ካፍ) ሕንፍሽፍሽ ዘለዎ ክስተት ኣጓፊፉዎ ደርኪቡ።

ኣብ ናይ 1976 ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ዋንጫ ንኽትዓትር ኣብተን ኣብ ፍጻመ ዝበጽሓ ኣርባዕተ ጋንታታት እዩ ዝውሰን ነይሩ። ንሳተን ከኣ፣ ግብጺ፡ ሞሮኮ፡ ጊኒ፡ ናይጀርያ ነይረን። ኣብ መወዳእታ



ኸኣ፡ ጊኒን ሞሮኮን ንዋንጫ በጺሐን። ሞሮኮ፡ ዝያዳ ነጥቢ ኣኪባ ብምንባራ፡ ሻምፕዮን ክትከውን ዓወትን ማዕረን ዘዋጽኣ ኮይኑ፤ ንጊኒ ግን ዓወት ጥራይ የገድሳ ነይሩ።

ጸወታ ምስ ጀመረ፡ ኣብ መበል 33 ደቒቕ ሕልሚ ጊኒ ዘሰምር ክስተት ኣጓፊፉ፣ ሸሪፍ ሱላማይኒ ሸቶ ብምቍጻር ንሃገሩ መሪሕነት ኣትሓዞም። ብውሳኔ ዳኛ ዝተቐጥዐ ተጻወትቲ ሞሮኮ ድማ፡ ሜዳ ገዲፎም ወጺኦም። ተመሊሶም ጸወታ ምስ ቀጸሉ ኸኣ፡ ተጻዋታይ ሞሮኮ፡ ኣሕመድ ማክሩህ ኣብ 86 ደቒቕ ሸቶ ብምምዝጋብ ንሃገሩ ኣመዓራረዋ። በዚ ወጽኢት ድማ፡ ሞሮኮ ሓሙሽተ ነጥቢ ብምውህላል፡ ዕወትቲ ዋንጫ ኣፍሪቃ 1976 ክትከውን በቒዓ።

ኣብዚ ግዜ ድማ፡ ካፍ፡ ተጻወትቲ ሰኔጋል ብዘይፍቓድ ዳኛ ካብ ሜዳ ወጺኦም ብምባል፡ ዋንጫ ኣፍሪቃ ንሞሮኮ ክትውሃብ ብምውሳኑ፡ ሕቶ 50 ዓመት ቀስቒሱ ደርኪቡ።

ጊኒ፡ ኣብ 1976 ተጻወትቲ ሞሮኮ ሜዳ ገዲፎም ወጺኦም ብምንባሮም፡ "እታ ናይ 1976 ዋንጫና ትወሃበና፡" ትብል ኣላ።

ሕቶ ጊኒ፡ መቓን ግዜ ብዘየገድስ ብማዕረ ንፈረድ ዝብል`ዩ፡ ክኢላታት ሕጊ ግን ንሴኔጋል ዘቕጽዐ ዓንቀጽ፡ ኣብ 1976 ዘይነበረ ብምዃኑ፡ ተግባራዊ ክኸውን ኣይክእልን`ዩ ይብሉ ኣለው። ኮንፌደረሽንኵዕሶኣፍሪቃ`ኸእንታይይብልይኸውን፧

## ማንቸስተር ዩናይትድ "ተወጺዑ" ትብል




ዝሓለፈ ዓርቢ ማንቸስተር ዩናይትድ ናብ ቦርማውዝ ተጓዒዛ፡ መበል 31 ግጥማት ፕሪመር ሊግ ኣካይዳ።

እዚ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ምሸት ግጥም፡ ነታ ምስ ሳዕለዎት ኣርባዕተ ጋንታታት ንምግዛዝም እትጽዕር ዘላ ዩናይትድ ኣገዳሲ ጸወታ`ዩ ነይሩ። ዓወት ኣንቂዳ ዝኣተወት ዩናይትድ 2-2 ብምግዛም፡ ነቲ ናይቲ ዕለት ዳኛ መዓት ተዘንቢሉ ኣሎ።

ቀዳማይ እብረ ናይቲ ግጥም ሸቶ ከይተራእየ ተዛዚሙ። ድሕሪ ዕረፍቲ ግን ኪመንዘ ንኩንሀያ ስለ ዝወጠጦ፡ ዩናይትድ ፍጹም ቅላዕ ብምርካብ መሪሕነት ሒዛ።

ጸወታ እናቐጸለ፡ ኣማድ ኣብ ልዓት በርንማውዝ ተደፊኡ ወዲቑ ኸሎ፡ ዳኛ ኣስቂጡ ጸወታ ምስ ቀጸሎ ኵዕሶ ብቐጸበት ኣብ ልዓት ዩናይትድ በጺሓ ብኢራስቲ ተመዝቢባ። ቪድዮ`ውን ንኣማድ ፍጹም ቅላዕ ክትህብ ስለ ዘይመረጸት ሸቶ ኢራስቲ ጸዲቓ።

ማን.ዩናይትድ ብዝተመዝበላ ሸቶ እናማረረት እንከላ፡ ፈርናንደዝ ካብ ናይ መኣዝን ቅላዕ ዝለኣኻ ኵዕሶ፡ ሂል ናብ ልዓቱ ኣመዝጊቡዎ፡ ዩናይትድ ናብ መሪሕነት ተመሊሳ። እንተኾነ እቲ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ጻውዒት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ብምርካቡ ሞራሉ ዝመለሰ ማጓየር፡ ኣብ ልዕሊ ኢቫኒልሰን ብዝፈጸሞ በደል፡ ብቀይሕ ካርድ ክብረረ እንከሎ ክሩፒ ድማ ብፍጹም ቅላዕ ኣመዝጊቡ። ዩናይትድ ድማ፡ መሪሕነታ ርእያ ብምስኣን ሓንቲ ነጥቢ ሒዛ ተመሊሳ። ድሕሪኡ ግጥም፡ ኣሰልጣኒ ማን.ዩናይትድ፡ ዳኛ ኸም ዝዘረፎም ብምሕባር፡ ዓወቶም ብሰንኪ ዳኛ ከም ዝኸሰርዎ ገሊጹ። ጉዳይም ተጻወትታ ሩቢን ፈርዲናንድን ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ኣማድ ዝተፈጸመ በደል ርኡይ ምዃኑ ብምሕባር፡ ጠንቂ ናይዚ ድማ ዳኛ ምዃኑ ሓቢሮም።

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ካብዚ ግጥም ሓንቲ ነጥቢ ሒዛ ትውጻእ እምበር፡ ኣብዚ ቀዳመሰንበት ቪላ፡ ሊቨርፑል፡ ቸልሲ ከሰብን ምስ ዝወጽኣ፡ ዝ. ናይ ብቕድሚ ትማሊ ዳኛ ፈጺማ ኣይክትርስዖን`ያ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ካራባኦ ካፕ (ናይ ዋንጫ ጸወታ)

ኣርሰናል - ማንቸስተር ሲቲ 7:30 ድ.ቐ

ፕሪመር ሊግ

ኒውካስል - ሳንደርላንድ 3:00 ድ.ቐ

ኣስቶን ቪላ - ዌስትሃም 5:15 ድ.ቐ

ቶተንሃም - ኖቲንግሃም ፎረስት 5:15 ድ.ቐ

## መድፍዕ ኣርሰናል ብሲቲ ይዕገት ዶ፧

ኣርሰናል፡ ናይ ሽዱሽተ ዓመት ጽምኢ ናይ ዋንጫ ከተርዊ፡ ሎሚ ምሸት ኣብ ስታድዩም ዌምብለይ ኣንጻር ማንቸስተር ሲቲ ክትጻለም`ያ።

ኣርሰናል፡ ኣብ ትሕቲ ኣርሰን ቨንገር ኮይና ናይ 2017 ዋንጫ ኤፍኤ ካፕ ክተልዕል እንከላ፡ እዚ ናይ ሎሚ ኣሰልጣኒኣ ዘሎ ሚከኤል ኣርቴታ ድማ፡ ከም ተሓጋጋዚ ኮይኑ ቀዳማይ ወቕቲ ምስልጣን ኣብ ትሕቲ ፐፕ ጓርድዮላ የካይድ ነይሩ።

ሎሚ ድማ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ነበር ኣንጻር መራሒኡ ብምግጣም፡ ዋንጫ ካራባኦ ካፕ ንምልዓል ክተሓናነቑ እዮም።

ኣርሰናል፡ ካብ 2016 ክሳዕ 2023 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኣንጻር ማንቸስተር ሲቲ ካብ ዘካየደቶ 15 ግጥማት ፕሪመር ሊግ፡ ሲቲ ኣብ 13 ግጥማት ብምዕዋት ዕብለላኣ ከተረጋግጽ ክኢላ`ያ። ኣርሰናል፡ ኣብ 2017 ከምኡ`ውን 2020 ንሲቲ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ኤፍኤ ካፕ ረቲዓታ`ያ።

ኣርቴታ፡ ንኣርሰናል ምስ ተረከበ ግን፡ ዛንታ ዕብለላ ሲቲ እናተቐየረ ክመጽእ ተራእዩ እዩ። ኣብ 2022-23 ዓመተ ስፖርት፡ ኣርቴታ ኣብ ክልተ እግሪ ብምርታዕ ንመምህሩ ጓርድዮላ ርእሱ ከም ዘደናግጽ ገይርዎ ነይሩ። ኣብ 2024-25 ህልኽ እዘን ክልተ ክለባት ረሲኑ ኣብ ዝጸደለ፡ ኣርሰናል ኣብ ሜዳኣ ንሲቲ 5-1 ብምድሃኽ ርእሳ ኣቕኒዓ ክትወጽእ ክኢላ። ኣርሰናል፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ግጥማት ፕሪመር ሊግ፡ ንማንቸስተር ሲቲ ብትሸዓተ ነጥቢ በሊጻ መሪሕነት ብምሓዝ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ንምዕታር ትግዕዘዝ ኣላ። ዛ ናይ ሎሚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ብምልዓል ከኣ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ እትገብሮ ጉዕዞ ናብ ዋንጫ ናህሪ ክወስኸላ ሓሊና ትርከብ።

ማንቸስተር ሲቲ ድማ፡ መድፍዕ ኣርሰናል ብምዕጋት፡ ናይ ሎሚ መዓልቲ ዋንጫ ካራባኦ ካፕ ኣልዒላ፡ ኣብ ፕሪምየር ሊግ ከተተኩር ኣንቂዳ ኣላ።

እዚ ናይ ሎሚ ግጥም፡ ኪኖ ናይ ዋንጫ ምዃኑ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ቀዳመይትን ካልኣይትን ዘለዋ ጋንታታት ዘካይዳኦ ጸወታ ብምዃኑ፡ ብኣጋኡ ኣቓልቦ ስሒቡ ደርኪቡ፣ ኣብ ታሪኽ እዚ ጸወታ`ውን ቀዳመይትን ካልኣይትን ዘለዋ ጋንታታት ክራኸባ ናይ ፈለማ እዩ።

'ኦፕታ ሱፐር ኮምፒዩተር'፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ




ግጥም፡ ንኣርሰናል ናይ 51.9% ናይ ምዕዋት ዕድል ሂባታ ትርከብ። ኦፕታ፡ ዝ. ግምት ክተቐምጥ ዝኸኣለት፡ ነቲ ኣርሰናል ኣንጻር ማንቸስተር ሲቲ፡ ኣብ ዘካየደቶ ዳሕረዎት ሽዱሽተ ግጥማት ከይተሳዕረት ብምውጻኣ፡ ኣብ ኣርባዕተ ናይ ዋንጫ ውድድራት (ፕሪመር ሊግ፡ ኤፍኤ ካፕ፡ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ካራባኦ ካፕ) ምርካብ ብምግባር እዩ።

ኣርሰናል፡ ኣብ ስታድዩም ዌምብለይ ምስ ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ሓሙሽተ ግጥማት ክትራኸብ እንከላ፡ ካብዚ ኣብ ሰለስተ ተዓዊታ፡ ሓንቲ ማዕረ ወጺኣ፡ ኣብ 2018 ድማ ተሳዒራ።

ሃላንድ፡ ኣንጻር ኣርሰናል ኣብ ዘካየዶ ዳሕረዎት ሰለስተ ግጥማት ሸቶ ኣቀጺሩ`ዩ። እንተኾነ ኣብ ስታድዩም ዌምብለይ ሸቶ ኣመዝጊቡ ኣይፈልጥን`ዩ። ሎሚ ምሸት ነዚ ከም ልማዱ ኣንጻር ኣርሰናል ሸቶ የመዝግብ ዶ፡ ዋላስ ኣብ ዌምብለይ ናይ ዘይምምዝጋብ ጉዕዙኡ ይቕጽል ይኸውን፧

ኣርሰናል፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብ ልዕሊ ባየር ለቨርኩሰን ዘመዝገቦ ዓወት፡ ኣብ 14 ግጥማት ኣይተሳዕረትን ዘላ። ጓርድዮላ ድማ፡ ንመድፍዕ ኣርሰናል ዓጊቱ ነዛ ዋንጫ ተዓዊቱ ብምውጻእ ሓሙሽተ ግዜ ነዛ ዋንጫ ዘልዓለ ናይ ፈለማ ኣሰልጣኒ ክኸውን ኣንቂዱ ኣሎ።

መርበብ ሓበሬታ 'ስፖርት ሞል'፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ግጥም፡ ኣርሰናል 1-0 ክትዕወት ግምታ ኣሎ። ኣንባቢ ኸ፡ መን ትዕወት ትብሎ፧


**ተረኛ ፋርማሲ**

ፋርማሲ ሂወት
ፋርማሲ ዳህላክ
ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን

**ዕለት**

22/03/2026

**ጎደና**

ጎደና ብድሆ፡ ከባቢ ሸዳ : (ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር)
ጎደና ገጀረት -751 ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ
ጎደና ናቕፋ ቁ.223፡ ጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትራስተለ

**ቁ.ስልኪ**

123355
188159
122798

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565